# ድምጺ ህዝቢ




ብሓልዮት ክፍሊ ዜናን ባህልን ዝሕተም

ዕላዊ ልሳን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ)

ሕታም ቍ.13




ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለን ብ/ወልደሱስ ዓማርን፣ ወኪል ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ብ/ሓምድ ድራርን፡ ከም ምልክት ናይ ተስፋ ጩራ ካብ ኣባላት ሓባራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2009 ኣብ ፍራንክፈርት ዝተቐበልዎ ዕምባባ ዘርኢ ስእሊ.

**ትሕዝቶ** **ገጽ**

**ርእሰ-ዓንቀጽ**

1. ናይ ዮሃና መልእኽቲ፡ ብኣጋጣሚ መበል 48 ዓመት
ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ኤርትራ ……………………..…….1

2. ደምዳሚ መግለጺ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ
ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ …………………2-3

3. ሓጺር ሪፖርታዥ ፈስቲቫል 2009-ፍራንክፈርት ….........4-9

4. ቃል ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ኣብ ሓባራዊ ፈስቲቫል 2009 - ፍራንክፈርት ……..…......10-11

5. ቃል ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ኣብ ሓባራዊ ፈስቲቫል 2009 - ፍራንክፈርት……………11-12

6. ዘይጕነጻዊ ኣገባብ ቃልስን
መኸተ ኣንጻር ኤርትራዊ ምልክን …………………………12-16

7. ኣካል ናይ ሓድነት ንኹን ………………………………16-18

8. ቃለ መሓትት ምስ ብጻይ መሓመድ ኣደም ኣርትዓ .. 18-20

6. ዜናዊ ጸብጻብ ………………………….………..……21-24

# ርእሰ-ዓንቀጽ

## ናይ ዮሃና መልእኽቲ፡
## ብኣጋጣሚ መበል 48 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ኤርትራ

**ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ**
**ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን**

እቲ ብመሪሕነት ጅግና ስውእ ሓምድ ኢድሪስ ዓዋተ ብ1961 ዝጀመረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብሳላ'ቲ ን30 ዓመታት ክምህ ከይበለ ብጽንዓት ዝተቓለሰን ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለን ህዝብና፡ ናጻን ልዑላዊትን ኤርትራ ብምርግጋጽ ኢዩ ተዛዚሙ። በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ንተቓላሳይ ህዝብና፡ እንቋዕ ካብ ኣብራኽካ ተፈጠርና፤ ባሕቲ መስከረም ድማ፡ ንዘልኣለም ተዘኪራን ተኸቢራን ትንበር፡ እናበልና ናይ ሓበንን ዮሃናን መልእኽትና ከነመሓላልፍ ንፈቱ።

እዚ ክንብል ከሎና ግን ትጽቢትን ሕልምታትን ህዝብና ከምዘይተፈጸመ፣ ወይ ድማ፡ ብኻልእ ኣገላልጻ፡ መሬትና ድኣ'ምበር፡ ህዝብና ጌና ሓራ ከምዘይወጸ ዘንጊዕና ኣይኮናን። እንታይ ደኣ፡ ናጽነትና እምነ-መሰረት ናይ መንነትናን፡ ዲሞክራስያዊት ሃገር ንምህናጽ መበገሲትናን ምዃና ኣዕሪና ስለእንፈልጥን ስለእንርዳእን ኢዩ።

መበል 48 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ኣብ እነኽብረሉ ዘሎና ዕለት እምበኣር፡ ነቲ ንመብጽዓታት ህዝብና ጠሊሙ፡ ኣብ ናይ ስልጣን ዋኒኑ ጥራሕ ተሸሚሙ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምልጋስን፣ ዲሞክራሲ፡ ፍትሒ ሰላምን ስኒትን ዝሰፈና ብልጽግቲ ሃገር ንምህናጽን ቃል እንኣትወላን፣ ንዲሞክራስያዊ ለውጥን ክብሪ ሰብኣዊ መሰላትን እንገብሮ መብጽዓን ቈራጽነትን ጽንዓትን እነሐድሰላን፡ ዕለት ምዃና ውን ክንስሕቶ የብልናን።

ነዚ ዕላማታት'ዚ ንምዕዋት ሓድነት ህዝብናን ሓድነት ተቓወምቲ ሓይልታቱን ኣገዳስን ወሳንን ረቛሒ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኵሉ ዓቕምታትና ኣዋዲድና፡ ነቲ መሰረታዊ ጠንቂ ጸገማትና ዝኾነ ዲክታቶርያዊ ስርዓትን፤ ንሱ ዘዕሙቖ ዘሎ ድኽነት፡ ሓሳረ መከራ፡ ምፍልላይን ኣድልዎን ንምእላይ ኣበርቲዕና ክንቃለስ መድረኽ ይጠልበና ኣሎ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን፡ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ማዕርነት፡ ዲሞክራስን ልምዓትን ዝብሉ ዕላማታት ባሕቲ መስከረም ጋህዲ ንምግባር፣ ተመሳሳሊ ራእይ ዘለዎም ውድባት ንምጽንባር፤ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም ጠርናፊ ጽላል ንምሕያል ዝኣተውዎ መብጽዓ ክምህ ከይበሉ ክቕጽልዎ ምዃኖም ደጊሞም የረጋግጹ። ህዝቢ ኤርትራን ኣህጉራዊ ማሕበረ-ሰብን ድማ፡ ኣብ ጐድኒ'ቶም ምእንቲ'ዚ ቅዱስ ዕላማ ዝቃለሱ ዘለዉ ሓይልታት ደው ክብሉ ንጽውዕ።

ደጊምና ነቲ ጽኑዕ ተቓላሳይ ህዝብናን ንፈተውቱን ብኣጋጣሚ መበል 48 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎና ዮሃና ንብል።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ.) حزب الشعب الارتري (ح ش ا)

ERITREAN PEOPLE'S PARTY

# ደምዳሚ መግለጺ 2ይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት/ጽ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ)፡ ካብ ዕለት 5 ክሳብ 6 ነሓሰ 2009 ኣብ ዘሎ ግዜ ንካልኣይ ግዜኡ ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ኣኼባ፡ ነቲ ናይ 12 ኣዋርሕ ኩሉ ሸነኻዊ ንጥፈታት ሰልፊ ንምምዛንን መጻኢ መደባት ንምስራዕን ነበረ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ኣብ'ዚ እዋንዚ፡ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ብዝምልከት፣ ነቲ ብሰንኪ ምሕደራ ህ.ግ.ደ.ፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ እናሸፍአን እናዓዘዘን ዝኸይድ ዘሎ ጸቕጥታትን ግፍዕታትን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ምጣነ-ሃብቲ ሃገርን ኣስዒብዎ ዘሎ ከቢድ ሽግራትን ተመልኪቱ። ውልቀ-መላኺ ስርዓት ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊ ገዛእ ዜጋታቱ ዘካይዶ ዘሎ ግህሰት ናይ ዲሞክራስያውን ሰብኣውን መሰላት፣ ጠንቂ ናይ'ቲ እናዛየደ ዝመጽእ ዘሎ ዋሕዚ ስደተኛታት ምዃኑ ውን መዚኑ። ኣብ ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ፖሊቲካዊ ጽቕጠታትን ሰቕያትን ማእሰርትታትን፤ ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ሃይማኖታት ዝወርድ ዘሎ ግፍዕታትን ማእሰርትን ቅትለትን፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ኤርትራዊ ታሪኽ ተመዛዚኒ ዘይብሉ ምዃኑ ድማ ኣስሚርሉ።

ኣብ ከበሳታት ኤርትራ ንዝነብር ህዝቢ፡ ብዘይ ድሊቱን መጽናዕትን፣ ካብ ንዘበናት ዝነበረሉ ቦታታት እናፈንቀልካ፡ መሬት ናይ ካልኦት ክፍልታት ህዝብና ኣብ መታሕት ብምምንጣል ዝኸይድ ዘሎ ናይ ዳግመ ሰፈራ ሰራም መደባት ህግድፍ፤ ንመጻኢ ኣብ ውሽጢ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተ-ሰብና ግርጭታትን ጽልእን ዘተኣታቱ ምዃኑ ብምምዛን ይኹንኖ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ነቲ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ትሕቲ ምሕደራ ዉልቀ-መላኺ ስርዓት ኢሳያስ ዝኸይድ ዘሎ ሕማቕ ኩነታት፡ መወዳእታ እንተዘይተገብርሉ፣ ሓደገኛ ሳዕቤናት ክህልዎ ምዃኑ ገምጊሙ። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ተደላይነት ምጥርናፍ ኩሉ ዓቕምታት ተቓወምቲ ፖሊቲካዊ ውድባትን በርጊሳዊ ማሕበራትን ግዱሳት ተቓወምቲ ውልቀ-ሰባትን፡ ይጽናሓለይ ዘይበሃል ናይ ሎሚ ህጹጽ ስጉምቲ ከምዝኾነ ርእዩ። ነዚ ስርዓት ወጊዱ፡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምምስራት ዘብቅዕ ናይ ሓባር ስራሕ ንምድልዳል ብዕቱብ ክጻዓረሉ ከም ዝግባእ ድማ ተመልኪቱ። ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንዕዙዝ ቦታ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኣብ ደምበ ተቓዉሞ እናፈለጠ፣ ኣድማዒ ጽላል ንክኸውን ጻዕርታቱ ከዛይድ ከምዘለዎ ተገንዚቡ። ከምኡ ውን፡ ናይተን ተመሳሳሊ ፕሮግራማት ዘውንና ውድባት ኣብ ሓደ ውድብ ወይ ሰልፊ ምምጻእ፡ ኣብ ምሕያል ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዓቢ ተራ ክጻወት ከምዝኽእል ብምእማን፡ ኩለን ውድባት ክዉን ንምግባሩ ክጽዕራ የተባብዕ።

**ጽሟቕ ዓመታዊ ጸብጻብ፦**

ኣቦ መንበር ሰ.ህ.ኤ፣ ሰፊሕን ደቂቕን ዓመታዊ ጸብጻብ ናይ 12 ኣዋርሕ ኣቕረበ። ኣብ ጸብጻብ ኣቦ መንበር ካብ ዝሰፈረ ኣገደስቲ ንጥብታት ገለ ንምጥቃስ፦

1. ንጥፈታት ናይተን ዝተፈላለያ ክፍልትት ትካላትን ሰልፊ፣
2. ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ዘካየዶ ንጥፈታት፤

3. ነቲ ዕዉት ምትሕንፋጽ ናይ ሰ.ህ.ኤን ውድብ ጋሽ ሰቲትን፤

4. እቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ ኣኼባ ኪዳንን ሃገራዊ ዋዕላ ንምክያድ ዝቐረበ ሓሳባትን፤

5. ከምኡ'ውን ነቲ ኣብ ሞንጎ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኣብ ሞንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ዝካየድ ዘሎ ናይ ሓድነት መስርሕን፣ ምስ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ብክልቲኡ ሰልፈታት ተበጺሑ ዘሎ ስምምዕን ዘጠቓለለ ነበረ።

ኣባላት ሰክረታሪያ ሰልፊ ህዝቢ፡ ነናይ ዝምልከቶም በት ጽሕፈታት ጽሟቕ ዓመታዊ ጸብጻባት ኣቕሪቦም። ጸብጻባቶም ነቲ ዝተዓወተን፡ ምምሕያሽ ዝጠልብን ሽንኻት ዘትኮረን ንናይ መጻኢ ሓሙሽተ ኣዋርሕ ዝምልከት መደብ'ውን ዘጠቓለለ ነበረ። ጸብጻባት ብሓፈሻ ኣወንታዊ ኮይኑ ተመዝነ። ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ንኹሉ ጸብጻባት ሰክረታርያ ተመያይጡ፡ ነቲ ዝቐረበ ናይ መጻኢ መደባት ምምሕያሻት ብምግባር ኣጽደቐ።

ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ንመንእሰያት ኣብቲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ፡ ኣካሉ ኮይኖም ንክዋስኡ ንምግባር፣ ነቲ ንመንእሰይ ዝምልከት ቤት ጽሕፈት ሰ.ህ.ኤ ቃልሱ ከዕዝዝ ዘድሊ ምኻኑ ረኣየ።

ነቲ ካብ ኤርትራ ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ዝውሕዝ ዘሎ ስደተኛ፡ ብዘይካ እቲ ብጸጥታ ህግድፍ ዘጋጥሞ ዘሎ ሓደጋታት፣ ኣብ መንገዱ ብሸፋቱ ዘጓንፎ ዘሎ ግፍዕታት ብዝምልከት ኣልዒሉ ድሕሪ ምምይያጥ፤ ሰልፊ ህዝቢ፡ ስደተኛታት ንህይወቶም ዘስግእ ሓደጋታት ከይወርዶም ዝከኣሎ ክገብር ከምዘለዎ ርእዩ።

ኮንፈረንሳት፡

ነቲ ናብ መሰረታት ክልቲኡ ሰልፍታት ድሮ ወሪዱ ዘሎ ንድፊ ፖሊቲካዊ ፕሮግራምን ቅዋምን፣ ከምኡ ውን፡ ኣገባብ መስርሕ ምጽንባርን ብዝምልከት፡ ክትኣታቶ ኣለዎ ዝበሎ ገለገለ ምምሕያሻት ርእዩ። ብሓባራዊ ዞናዊ ኮንፈረንሳት ናይ ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታት ኣቢሉ ንምህብታሙ ኣብ ዝግበር ዘሎ ጻዕርታት ድማ፡ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብኡ ዝጥለብ ምትሕብባራት ክገብር ምኻኑ ኣረጋጊጹ።

# ሓጺር ሪፖርታጅ ሓባራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2009 ፍራንክፈርት

ብሓልዮት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር፡ ዝአንገድ ሓባራዊ ፈስቲቫል ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ዓርቢ ዕለት 7 ነሓሰ 2009 ብኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታት ዝተሳተፍሉ ሰሚናር ብወግዒ ተኸፊቱ። ብጻይ ኣማኒኤል ሃብተ፡ ኣባል ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ክልቲኡ ሰልፍታት ንኣባላት ሰሚናር ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምምሕልላፍ፡ ነቲ መድረኽ ንእትመርሕ ብጻይ ረዘነ ተስፋጽዮንን ንጉሰ ጸጋይን ዝርከብዋ ዞባዊት ኮሚቴ ኣመሓላሊፉ።





ብጻይ ረዘነ ተስፋጽዮን፡ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ዝብል ሰላምታ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ መንጎ'ዞም ዲሞክራሲ ንምስፋን ዝዕላምኦምን ጽምኣት ሰላም ደሪኾምም ዝመጹን ኣባላት ክልቲኡ ሰልፍታት ምርካቡ ዝተሰምዖ ሓጐስ ገሊጹ። ቀጺሉ፡ ሓባራዊት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ፈስቲቫል 2009፡ ነዚ ፈስቲቫል'ዚ ክውን ንምግባር ዝገበረቶ ጻዕርታት ኣመጕሱ። ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ፈስቲቫል'ዚ፡ ቀዳማይ ስጉምቲ ናብ መስርሕ ምጽንባር'ዩ ኢሉ ድሕሪ ምግላጽ፣ ነቶም ንክልቲኡ ሰልፍታት ወኪሎም መግለጺ ከቕርቡ ዝተዓደሙ፡ ብጾት ወልደሱስ ዓማርን ሓምድ ድራርን ንመድረኽ ክቐርቡ ዕድመ ኣቕሪብሎም።

ድሕሪ መግለጺ፡ ብኣላይነት ናይ ኣካየዲት ሰሚናር ዝኾነት ሽማግለ፡ ናይ ሕቶን ርእይቶን ዕድላት ተኸፊቱ። ካብ ኣባላት ሰሚናር፡ ነቲ ንድፍታትን መስርሕ ምጽንባርን ዝምልከት ዝተፈላለዩ ሕቶታትን ርእይቶታትን ቀሪቦም። እዚ ሰዓት 3 ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመረ ሰሚናር ናይ ኣባላት፡ ብህዱእን ግን ከኣ፡ ምውቕ ተሳትፎ ዝነበሮ ኣገባብ፡ ንኣርባዕተ ሰዓታት ዝቐጸለ ምይይጣት ድሕሪ ምክያድ ልክዕ ሰዓት 7 ተዛዚሙ።

ብድሕር'ዚ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ 12 መስከረም 2009 ክካየድ መደብ ተታሒዝሉ ዘሎ ኮንፈረንስ ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ዝርዝር ሓበሬታ ብብጻይ ንጉሰ ጸጋይ ተዋሂቡ። ድሕሪ ድራር፡ ሰዓት 9 ናይ ምሸት፡ ናይ'ቶም ኣብ ሰሚናር ዝውዓሉ ኣባላትን ኣማስዮም ኣብ'ቲ በዓል ዝተጸንበሩ ዕዱማትን ኣእሙሮ ዘሐድስ፡ ናይ ሙዚቃን ጸወታን መደብ በቶም ውሩያት ደረፍትን ሙዚቀኛታትን ተጀሚሩ።



ክሳብ ሰዓት 1:30 ናይ ወጋሕታ ድማ ቀጺሉ።



ብኻልእ ሸነኽ ከኣ፡ ኣብ'ቲ ናይ ምሳሕን ዕረፍትን ግዜ፡ ኣብ ዝተኻየደ ጕባኤ፡ ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ጨንፈር ኣውሮጳ ተመስሪቱ።

ቀዳም ዕለት 8 ነሓሰ 2009፡ ካብ ንግሆ ክሳብ ሰዓት 2፡15 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣውሮጳን ካብ ኣመሪካን ዝመጹ ኣጋይሽ፡ ናብ ቦታ ፈስቲቫል ብብዝሒ ክውሕዙ ጀሚሮም። ኣዳለውቲ ፈስቲቫል፡ መግቢ፡ ማይን ካልእ ዘድሊ ኣገልግሎትን ድሕሪ ምቕራብ ድማ፡ ነቲ ጋሻ ናብ ኣዳራሽ ፈስቲቫል መርሕዎም።

ናይ ቀዳም መደብ ብወናም ሙዚቀኛ ኢዮብ ሃይለ፡ ዘቕረቦ ባህላዊ ደርፍን፡ ሙዚቀኛ ኢብራሂም ማሕሙድ ዘቕረቦ ዘመናዊ ደርፍን ተኸፊቱ።



እቲ ኣኼባ፡ ልክዕ ሰዓት 2፡30 ድሕሪ ቀትሪ ድማ፡ ኣደ መንበር ሓባራዊ ኣሰናዳኢት ኮሚቴ ፈስቲቫል፡ ብወይዘሮ ጽርሃ ሰለሙን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩምን ዕላማን ናይ'ቲ ፈስቲቫል ብምግላጽ፡ ነቲ ኣኼባ ብወግዒ ከፈተቶ።



ብድሕሪኡ፡ ቃል ናይ'ቲ ንፈስቲቫል 2009 ዘኣንገደ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር፡ ብኣቶ ዮናስ ባህታ፡ ኣቦ መንበር እቲ ማሕበር ቀሪቡ። ብጻይ ዮናስ ኣብ መግለጺኡ፡ ስርዓት ህግደፍ፡ ገበን ንዘይብሎም ዜጋታት ይኣስርን ይቕንጽልን ከምዘሎ፤ ካብ ኣብያተ-ትምህርትን ኣብያተ-ሕክምናን ንላዕሊ ንጹሃት ዜጋታት ዝእሰሩሉ ኣብያተ-ማእሰርቲ በዚሓም ከምዘለዉ ኣረዲኡ። ቀጺሉ፡ ነዚ ኵነታት'ዚ ንምቕያር ዝግበር ዘሎን ክግበር ዝግብኦን ነገራት ኣሚቱ። ኣብ ግዳም ዝግበር ዘሎ ሰላማዊ ሰልፍታት ብዓቕን እናወሰኸ፡ ተሳተፍቱ ድማ እናበዝሑ ምኻዶም፡ መርኣያ ተቓውሞ ህዝቢ ነቲ ስርዓት ምዃኑ ሓቢሩ። እቲ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ዝኸይድ ዘሎ መስርሕ ናይ ሓድነት፡ ንተቓውሞ ዘሐይል ኣብነታዊ ስጕምቲ ምዃኑ ጠቒሱ፣ ካልኦት ውን፡ ተመሳሳሊ ስጕምቲ ክወስዱ ጸዊዑ። ኣብ መወዳእታ፡ ስውእ ብጻይ ስዩም ዑቕባሚካኤል ዝበሎ፡ "...ህዝቢ ንመሰላቱ ባዕሉ ክምንዝየን ክከላኸለሉን ድኣ'ምበር፡ ካልኦት ክተኹብሉ ክጽበ ከም ዘይብሉ..." መግለጺኡ ዛዚሙ።

ቀጺሉ፡ ናብ'ቲ ፈስቲቫል ክሳተፉ ፍሉይ ዕድመ ዝተገብረሎም ኣጋይሽ፡ ሓደ ድሕሪ'ቲ ካልእ እናተሰኡ፡ ናይ ደገፍ መልእኽታቶም ንሓባራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2009 ገሊጾም። ናይ ደገፍ ዘቕረቡ ዕዱማት ኣጋይሽ፡

1. ኣቶ ሩዲ ፍረድሪሽ፡- ተወካሊ ኮነክሽን (Connection) ኣንጻር ኣስገዳድ ዕስክርና ደው ዝበለ ዘይመንግስታዊ ማሕበር፤
2. ኣቶ ገብረዝጊ ናሽሕ፡- ተወካሊ ጽላል ዲሞክራስያዊ ምዕባለ ሸወደን፤
3. ኢንጂኔር ኢዮብ መዓሾ፡ ተወካሊ ኣውሃሃዲ

ኣካል መርበብ በርገሳዊ ማሕበራት ኣብ ኣውሮጳ፤
4. ወይዘሮ ኣልጋነሽ ገብረ፡ ኣደ መንበር ናጻ ማሕበር ተበግሶ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፤
5. ወይዘሮ ገርጊስ ነጋሽ፡ ምኽትል ኣደ መንበር ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰ.ህ.ኤ፤
6. መንእሰይ ኣማኒኤል በራኺ፡ ተወካሊ ምትእስሳር መንእሰያት ሰ.ህ.ኤ፤
7. ኣቶ ቀላታ ኪዳነ፤
8. ኣቶ ሳልሕ ኣቦራይ፡ ተወካሊ ሲቪላዊ ማሕበር "ስድሪ"፤
9. መልእኽቲ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ብኣቶ ረዘነ ተስፋጽዮን ተነቢቡ፤
10. ኣቶ ተወልደመድህን ሃብተሚካኤል፡ ተወካሊ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ

ናይ ደገፍ መልእኽታት ድሕሪ ምዝዛም፡ ኣቶ ሓምድ ድራር፡ ተወካሊ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፤ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለን ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንሰልፍታቶም ወኪሎም፡ ነቲ ፌስቲቫል ዝተዳለወ መግለጺታቶም ኣቕሪቦም።



ኣቶ ወልደሱስ ዓማር፡ ዘቕረቦ መግለጺ ከም'ዚ ዝስዕብ ነበረ።




ዝኸበርካ ኣቦ መንበር ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሓባራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ
ዝኸበርካ ወኪል ከንቲባ ከተማ ፍራንክፈርት
ዝኸበርኩም.....
ዝኸበርኩም ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስ ኤርትራ
ዝኸበርኩም ወከልቲ ውድባትን በርገሳዊ ማሕበራትን
ዝኸበርኩም ኣጋይሽና ብሓበራ።

ኣቐዲመ ብስመይን ብስም ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ኰይነ፡ ንክቡራን ኣጋይሽ ሓባራዊ ሰፊሕ በዓል ኤርትራ 2009፡ ዕድሜ ሓባራዊት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ኣኽቢርኩም ኣብዚ ብምርካብኩም ክብ ዝበለ ምስጋና እናኣቕረብኩ እንቋዕ ብድሓን መጻእኩም እብል። ኣስዒበ እውን ንመሪሕነታትን መሰረታትን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን እንቛዕ ኣብ ምድላው ሓባራዊ ፌስቲቫል ኣብቂዑ ኣብዚ ኣራኸበና እብል።

ናይ ሎብዘበን ሰፊሕ በዓል ድሮ ፍሉይ ትርጉምን ጣዕምን ድምቀትን ኣሰንዩዎ ይርከብ። እዚ ከኣ ነቲ ናይ ህዝብና ናይ ሓድነት ድልየትን ባህግን መግለጺ ኢዩ።

## ኲነታት ህዝብናን ሃገርናን

ሎሚ ኣብዚ ሓባራዊ ሰፊሕ በዓል ኤርትራ ተኣኪብና ዘሎና፡ ንክንራኸብን፡ ኸንድሰትን ንኸንስዕስን ጥራይ ዘይኮነ፡ በቲ ኣብ ኣዝዩ ዘሕዝን ደረጃ ወሪዱ ዘሎ ሃለዋት ህዝብና ንምሕሳብን ንምስትንታን፤ ካብኡ ሓሊፍና ከኣ ነቲ ሕማቕ ሃለዋት ክንቅይር እንታይ ክግበር ከም ዝከኣልን ንምርኣይ ኢዩ። ንነዊሕ ዓመታት ተቓሊሱ፡ ኣብ ናይ ሰላምን ሓድነትን ዲሞክራሲን ብልጽግናን ፍትሕን ማዕርነትን

ሃገር ክነብር ሃንቀው ዝበለ ህዝብና ሎሚ ረኺብዎ ዘሎ ኩሉ እቲ ዘይደለዮን ኣንጻሩ እተቓለሶ ኩነታትን ኢዩ።
ህዝብና ብምጣነ ሃብታውን፡ ፓለቲካውን፡ ማሕበራውን መዐቀኒታት ትሕቲ ኩሉ ኣህዛብ ምህላዉ ምስኩር ሓቂ ኢዩ። ካብኡ ኣብ ዝኸፍኤ፡ ኤረ ኣብ ዘይህላዌ ከሰጋግር ዝኽእል ሓደጋታት ከም ዘሎ እውን ዝስወረና ኣይኮነን። ህዝቢ ኤርትራ ሎሚ ብሰንኪ ግጉይ ፓሊሲታት እቲ ምልካዊ ስርዓት፡ ብከቢት ዓጸቦ ክሳቕ ይርከብ። ክሕግዝዎን ክዕንግልዎን ዝደልዩ ከይሕግዝዎ ከኣ በቲ ስርዓት ተኸልኪሎም ምህላዎም ናይ ጉደና ምስጢር ኢዩ።
መንእሰይ ዕድላት ተነፊጉ፤ ድሕሪ ነዊሕ ምጽማምን ምጽባይን ካልእ ምርጫ ብምስኣን፡ ነታ ዝፈትዋን እንፈትዋን ኤርትራ ኩቦ ደርብዩላ ናብ ሰደት ይጉዓዝ ምህላዉ፡ ኣዝዩ ዘሕዝን ተረኺቦ ኢዩ።

ኣብዚ ቀረባ ወርሓት ጉሊሁ ይርኤን ይስማዕን ከም ዘሎ ከኣ፡ እቲ በታኒ ስርዓት፡ ንነባር ዓድታት ፋሕ ከብልን ዲሞክራሲያዊ ኩነታት ንምልዋጥን ሓዲሽ ናይ ሰፈራ መደባት የተግብር ኣሎ። እዚ ንሓድነትን ሰላምን ህዝብና ዝዘርግ ሓደገኛ መደባት ስለዝኾነ ንኹንኖ፡ ደው ከነብሎ ከእ እትሪርና ክንቃለስ ይግባእ። ብሓጺሩ፡ እዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ፓለቲካውን፡ ምጣኔ ሃብታውን ማሕበራን ሃለዋት ጊዜ ከይበልዐ ክቕየር ይግባእ።

## ክንቅይሮ'ኽ እንታይ ንገብር ኣሎና??

ቅድም ከም ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ድሒርና'ውን ከም ሰልፊ ህዝቢ፡ ናይ ዓወት እስትራተጂ ኢልና ዝተለምናዮ መደብ ነይሩናን ኣሎናን። ንሱ ኸኣ ንዘሎካ ውድብ ወይ ሰልፊ ብግቡእ ምድልዳልን ንኣዓዋቲ ቃልሲ ብቑዕ ምግባርን ኢዩ። ብዘይ ብቑዕ መሳርሒ ዝስራሕ ነገር ስለዘየልቦ። ውድብካ ወይ ሰልፍኻ ምድልዳል ክብሃል እንተኸሎ ግን፡ ከም ናይ ኣኽሩኽ ጒጅለ ንበይንኻ ተዓጺኻ፡ ንውሽጢ ጥራይ እናጠመትካ ኣሎኹ ምባል ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ምስ ካልኦት ንረብሓ መላእ ህዝብን ሃገርን ዝቃለሱ ብራሕ ዝመሳሰሉኻ ውልቀሰባትን ውድባትን/ ሰልፍታትን ተታሓሒዝካ ድልዱል ሓይሊ፤ ሰፊሕ ዝሰረቱ ሰልፊ ምህናጽ ካልእ መተካእታ የብሉን። ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ብዓንተብኡ ጀሚሮም ነዚ ባህጊ'ዚ ክዉን ንምግባር ዕቱብ ኣበጋግሳ ኣርእዮም ኢዮም።

ብወገን ሰልፊ ህዝቢ ነዚ ኣዓዋቲ መስርሕ'ዚ ክዉን ንምግባር ካብ እተገብረ ቃልሲ ንምጥቃስ ካብቲ ኣብ ናይ 2006 ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ እተበጽሓ ውሳኔታት ምውካስ ይኣክል። ታሪኻዊ ዝኾነ 6ይ ጉባኤ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፡ ንዝመሳሰሉዎ ደቂ ሃገር ዝሓወሰ ሰፊሕ ህዝባዊ ሰልፊ ንምምስራት ዝዓለመ ነይሩ። ከም ውጽኢቱ ከኣ ንኣፍረይትን ኣድማዕትን ዝኾኑ ውልቀ ሰባት ሓቝፉ መስራቲ ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኣካይዱ። ንሸዑ'ኳ ኣራኺቦ እንተዘይረኸቡሉ፡ ኣብቲ መስርሕ ሓድነት እምነት ዘሕደሩ ሓይልታት ከምዘፍረየ ርዱእ ነይሩ። ካብዚኣቶም ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ተቓውሞ ጋሽ ሰቲትን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ይርከብዎም። ከም ውጽኢቱ'ውን ድሮ እተበጽሐ ሓድነታዊ ስጉምትታ ከም ዘሎ ናይ ኩላትና ተረድኦ ኢዩ።

ብቐንዲ ኸኣ እቲ ካብ ሓያለይ ዓመታት ጀሚርና ምስ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ተታሒዝናዮ ዝነበርና መስርሕ ሓድነት በቲ ኣብ መስራቲ ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ እተወስደ ተባዕን ቅኑዕን ውሳኔታት ኣብ ምድምዳም ገጹ ተወንጪፉ። ኣብ ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ እቲ ካብ ሓባራዊ ቃልሲ ክፈላልየና ዘይግብኦ ናይ ታሪኽን ተመክሮን ፍልልይን፡ ናይ ባንዴራታትን ናይ ቅዋምን ክትዕ፡ ከምኡ ኸኣ ንኣገባብ ቃልሲ መድረኹ ብዝሓለወ ቅኑዕ ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ መልክዕን መፍትሕን ተገይርሉ።

ብሓጺሩ እቲ ምስ ሰልፊ ዲሞክራሲ ይኹን ድሒሩ'ውን ምስ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ተበጺሑ ዘሎ ናይ ሓድነት መስርሕ ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ኤርትራ ብቐሊሉ ዝርኤ ኣይኮነን። ነቲ ንብዙሕ ዓመታት ዝቐጸለ ምንጽጻግን ምርሕሓቕን ዘጻብብ፤ ነቲ ንህዝብና ኣብ ጀብሃን ሻዕብያን ብዝብል ናይ ፓለቲካ መደበራት ዝመቓቕል መናድቕ ኣፍሪሱ ዓቢ ናይ ሓድነት ዓንዲ ማእከል ዝሃንጽ መስርሕ ኢዩ።

ሓዲሽ ሰልፍና፡ ሰልፊ ለውጥን ተሓድሶን ክኸውን ኢዩ። ነቲ ኣረጊት ኣረኣእያታት ኣፍሪስና ብሓዲሽ መንገድን ኣረኣእያን ክንቅየድ ቃል ኣቲና ኣሎና። ነቲ ኣረጊት ኣረኣእያን ኣወዳድባን ኣፍሪስና ብቕኑዕ ኣገባብ ክንሃንጾ ግዱዳት ኢና።
ንሓዲሽ ወለዶ ዘይስሕብን ዘይሓቍፍን ኣገባብናን ቋንቋናን ንታሪኽ ክንገድፎ ግድነት ኢዩ። ብዘይ ተሳትፎ እቲ ሓዲሽ ወለዶን ብዘይ ተሳትፎ ንሕጂ ካብ ናይ ተቓውሞ ቃልሲ በኹረን ዘለዋ ደቂ ኣንስትዮን እቲ ቃልስና ክዕወት ኣይክእልን።

እዚ ዝቐውም ዘሎ ሓይሊ ኣብቲ ናይ ለውጥን ዲሞክራስን ቃልሲ ዝህልዎ ተራ ብሩህን ኣጽጋብን ኢዩ። ኣብ ትሕቲ ሰለስተ ነጥብታት ንምጥቃሱ:-

1. እነቐሞ ሰልፊ ነቲ ዘየዐወተ ጉዕዞ ተቓውሞ፡ ብሓዲሽ ኣገባብ ክቕይሮ'ዩ።
2. እቲ ብግጉይ ፖሊሲታት ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ዝደኸመ ሓድነት ህዝብና በዚ እነቐሞ ሓዲሽ ሰልፊ፡ ብርግጽ ሓዲሽ ህይወት ክረክብ ኢዩ።
3. ብዓቢኡ ከኣ፡ ነቲ እተጠልመ ባህግታት ህዝብና፤ ነቲ እተረግጸ መሰልን ክብርን፣ ባህልን፡ ታሪኽን፣ ድልየትን ጥቕምን ህዝብና ብምልኡ ዘኽብር ሓይሊ ክኸውን ኢ.ዩ። ካብ ቃልስን ካብ ተቓውሞን ዝባህረረ ልቢ ህዝብና በዚ ሰልፊ'ዚ ኣቢሉ ክቐስን ኢዩ።

## ሓድነት ተቓውሞ

እቲ ንተቓውሞ ጋሻ ሰቲትን ሰልፊ ህዝቢን ሰልፊ ዲሞክራስን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ጠሚሩ ዝቐውም ዘሎ ሓዲሽ ሰልፊ፡ ሓደ ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ለውጥን ዲሞክራስን ሓይሉ ድኣንበር መተካእታ ኪዳን ኣይኮነን። ብዕላምኡን፡ ትሕዝትኡን ኣባላቱን ከኣ ወካሊ ሓደ ሸንኺ ህዝቢ ኤርትር ከይዘይኮነ ንኹሉ ብሩህ ኢዩ። ከምኡ ኢሎም ክርእይዎ ዝደፍሩ ኣንተልዮም ከኣ ግጉያት ከም ዝነበሩ ታሪኽ ክምስክሮ ኢዩ።
ኪዳን ብዲልዱል ሓይልታት ዝቖመ ምስ ዝኸውን ጥራይ ኢዩ ኣፍራይ ዝኸውን። ሎሚ ኣጽጋቢ፡ ኣዓዋቲ ሓይሊ ኣይኮነን። እነቐሞ ዘሎና ኣሰልፊ ከኣ ንኪዳን ትርጉም ዘሎዎ ሓይሊ ኣብ ምግባር ተራ ክህልዎ ኢዩ።
ምስ ካልእ ሃገራዊ ሓይልታት ተደሚርና ብሃገራዊ ጽላል ደረጃ ኣዕጋቢ ዝኾነ መተካእታ ህግደፍ ክንሃንጽ ኢና። ሽዑ ከኣዩ ህዝብና ናብቲ እነቐሞ ሰልፍታትናን ሃገራዊ ጽላልን እምነትን ዘሕድርን ኣብኡ ዝዓስልን። ኣብ ውሽጢ ዝመጽእ 6 ኣዋርሕ ነቲ ተሪፉ ዘሎ መስርሕ ሓድነት ዛዚምና፡ ሓደ ብቑዕ ሓይሊ ክንእውጅ ኢና። <u>ህያብ ሓዲሽ ዓመት 2010 ንህዝብና ንሱ ክኸውን ኢዩ።</u>

ብዝተረፈ ኩሉ ፈታው ራህዋን ሰላምን ቅሳነትን ፍትሕን ዝኾነ ኤርትራዊ ናብ ዕቱብ ውዳብ ገጹ ኣቃሊቡ ንነብሱ ኣብ ናይ ለውጢ ሓይሊ ክልውጣ ንጽውዕ።

ንኹሎም እቶም ነዚ በዓል'ዚ ክዉን ንምግባር እተቓለሱን፡ ብኹሉ ኣገባብ ዘገልግሉና ዘሎውን ምስጋና ይብጽሓዮም።

ዓወት ንናይ ለውጥን ዲሞክራስን ቃልሲ ህዝብና ዝኽርን ዘለኣለማዊ ክብርን ንስዉኣትና!!
8 ነሓሰ 2009

ስዒቡ፡ ብጻይ ሓምድ ድራር፡ ንሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ወኪሉ ነዚ ዝስዕብ ቃል ኣስሚዑ።



ክቡራት ዑዱማትን ኢጋይሽን!
ክቡራት ኣባላት ኣሳናዳኢት ሽማግለ መበል ሓባራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ!
ክቡራት ኣባላት ሓባራዊ ሽማግለ መሪሕነት ሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝብን!
ክቡራት ኣሕዋት ወከልቲ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን!
ክቡራት ወከልቲ በርገሳዊያን ማሕበራት!
ሰላም፡ ከመይ ቀኒኹም?

ኣብ ቅድሚኹም ደው ኢለ ምስ ካልኦት ኣባላት መሪሕነትና ኰይነ ንሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ወኪለ ቃል ከስምዕ ዕድል ብምርካበይ ዝስመዓኒ ሓጎስ ደረት የብሉን።

ናይ ትማሊ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ - ሰውራዊ ባይቶ፡ ናይ ሎሚ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፣ ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንምህናጽን ባህግታት ህዝብና ንምርዋይን ብዝገበሮ ቃልስን ዝኸፈሎን መስዋእትን ኣብ ውሽጢ ህዝብና ዕዙዝ ቦታ ክሕዝ ክኢሉ'ሎ፣ ርግጽ እዩ ድማ ብዘይ ደገፍ ህዝቢ ኣብዚ በጺሑዎ ዘሎ ቦታ ክበጽሕ ኣይምኸኣለን። ምኽንያቲ ናይ ረብሓ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ኢሉ ድማ መበቆልን፡ ባህልን፡ ሃይማኖትን ብዘየገድስ ንጹር ረአይን ፕሮግራምን ሒዙ ክቃለስ ስለዝጸንሐን ዘሎን ብዙሕ ደገፍ ህዝብና ክረክብ በቒዑ ኣሎ። እቶም ዝተመዝገቡ ዓወታት ከኣ ተሪር ቃልሲ ተኸቲሎም ከም ዝመጹ ድማ ዝዝንጋዕ

ኣይኮነን።

ክቡራት ኣሓትን ኣሕዋትን!
ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ ኣንጻር ሓደገኛ ፖሊሲታትን ኣምሓዳድራን መንግስቲ ኤርትራ ንምቅላስ ቅድሚ ሸሞንተ ዓመት'ዩ ተመስሪቱ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ክውንነታውን ተባዕን ሃገራዊ ፖሊቲካዊ መስመር ሒዙ መጺ። መንቀሊ ናይ'ዚ ክውንነት'ዚ ኣብ ዓሚቕ መጽናዕቲ ዝተመርኰሰ ኲይኑ ሰዲኤ ንሾነታት ሃገርናን ህዝብናን ንኪመሓየሽ ብህድኣትን ፍሉይ-ኣትኲሮን ብግቡእ ዝመጾ እዩ። እዚ ክውንነት'ዚ ብምርዳእ ድማ ሰዲኤ ሃገርና ብሰላማዊ ድኣ'ምበር ናይ ቅርሕንትን ሕነ-ምፍዳይን መንፈስ ብዘይብሉ መንገዲ ካብ ዘላቶ ፖሊቲካዊ መዋጥር ንኽትወጽእ ምእንቲ ክወስዶ ዘለዎ ተበግሶን ከበርክቶ ዘለዎ እጃምን ከቢድ ምዃኑ ብምርዳእ፤ ኣብ ጉባኤታቱ ተባዕ ወሳኔታት ክወስድ ኪኢሉ። በቲ ዝወሰዶም ውሳኔታት ሰዲኤ፤ ሃገርና ካብ ኣርዑት ህግዲፍ ወጺኣ ናብ ኢድ ወከልቲ ህዝቢ፤ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጸ ብህዝቢ ዝምእዘዝ መንግስቲ ከምትመሓዳደር ይኣምን።
ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ሰልፊ ዲሞክራሲ ፍትሕን፡ ማዕርነት፡ ክብርን ዝሰፍና ኤርትራ ንምህናጽ ምስ ኩሎም ሃገራውያን ተቓወምቲ ውድባት ዘይሕለል ርክባትን ጻዕርታትን ከካይድ ጸንሐ። ሰዲኤ ነቲ ሃገራዊ ዕላማታት ንምዕዋት ምስ ኩሉ ኪወሃሀድን ምስ ተመሳሳሊ ፕሮግራማት ዝሐዛ ፖሊቲካዊ ውድባት ክሳብ ምትሕንፋጽ ክብጽሕ ምዃኑ ብተደጋጋሚ ቅሩብነቱ ገለጸ። መርኣያ ናይ'ዚ ድሌት'ዚ ካብ 2003 ኣትሒዙ ሰ.ዲ.ኤ ኣብ ከተማታት ከሰላ፡ ካርቱም፡ ፍራንክፉርት ወዘተ... ምስ ብዙሓት ሃገራውያን ፖሊቲካዊን ውድባት ኤርትራ ቀጻሊ ርክባት ከካይድ ጸንሐ።

ስልዚ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ተመሳሳሊ ርእይቶን ሓሳባትን፡ ናይ ሓቢርካ ምስራሕ መንፈስ ስለዝጸንሖምን ዘጥረዩን፡ ድሕሪ ነውሕ ዝርርብ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ታሕሳስ 2009 ኣብ ሓደ ሰልፊ ክጽምበሩ ወሲኖም። ከም ፍረ-ውጽኢት ናይዚ ምጽንባር'ዚ ድማ እንሆ ናይ ሎምዘበን ፈስቲቫል ኤርትራ ብሓባር ነብዕሎ ኣሎና።

ዓወት ንሓባራዊ ፈስቲቫል ኤርትራ 2009
ዓወት ንዲሞክራስያዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ!
የቐንየለይ!

ኣብ መወዳእታ፡ ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ተኸፊቱ፡ ኣቶ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቶ ሓምድ ድራር፡ ኣቶ ሰለሙን ኣበራን ኣቶ ሃብቶም የውሃንስን ነቲ ካብ ኣኼበኛ ዝቐረበሎም ሕቶታት መሊሶም።



ቀዳም ዕለት 08,08,2009 ካብ ሰዓት 11:00 ጀሚሩ ከኣ፡ ብኣቶ ይተባረኽ ገብረትንሳኤ ዝተመርሐ ናይ ወጋሕ ትበል ለይቲ መደብ በቶም ወናማት ሙዚቀኛታትን ደረፍትን ተኻይዱ። ኣቶ ይተባረኽ፡ ኣብ መንገ'ዚ መደብ'ዚ ኣመንጉዩ ባህልና ካበይ ናበይ ብዝብል ቴማ፡ ኣገዳሲ ትምህርታዊ መልእኽቲ ኣመሓላሊፉ።



# ቃል ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓባራዊ ፌስቲቫል 2009 - ፍራንክፈርት



ወይዘሮ ገርጊስ ነጋሽ

ክቡራትን ክቡራንን መራሕትን መሰረታትን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ
ክቡራትን ክቡራንን መራሕትን መሰረታትን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ክቡራትን ክቡራንን ዕዱማት ኣጋይሽ

ኣብዚ ሎሚ ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ጀርመንን ምትሕብባር ጨናፍር ኤውሮጳን ዝተዳለወ ሓባራዊ ሰፊሕ በዓል ተረኺብና መደረና ከነስምዕ ዕድል ዝተዋህበና ልባዊ ምስጋናና ነቕርብ።

እዚ ሰፊሕ በዓል'ዚ ክዉን ንምግባር ከይተሓለለት ዝጸዓረት ኣሰናዳዊት ሽማግለ ኣናኣመስገና ዕዉት ፌስቲቫል ክኸውን ሰናይ ትምኒትና ንገልጽ።

ብኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ማሕበር ጀርመን ዓመት ዓመት ፌስቲቫል ክእንገድ ዘመናት ሓሊፉ እዩ። ናይ ሎሚ ዓመት ግን ፍሉይ ሓለፋ ዘለዎ እዩ። ህዝብና ንዓመታት ብምፍንጫል ተሳቒዩ ገና'ውን ይሳቐ ኣሎ። እዚ ከም ህዝቢ ንሳቐየሉ ዘሎና ምፍንጫል ፖለቲካዊ ጥራሕ ዘይኮነ ስነኣእሙራዊ እዩ'ውን። ሎሚ ግን ድሕሪ ነዊሕ ቓልሲ እቲ ከም ናይ ሓጺን መንደቕ ኮይኑ ፈላልዩና ዝጸንሐ ናይ ጀብሃ ሽዓብያ ኣተሓሳስባ ፈሪሱ ምስ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኣብ ድሮ ሓድነት በጺሕና እንሆ ሓባራዊ ብዓል ንምግባር በቒዕና። ሓባራዊ ፌስቲቫል ምግባር ንባዕሉ ኣብ ጉዕዞ ሓድነትና ዓቢ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ። እዚ ሓድነት'ዚ ኸኣ ንህዝብና ጨራ ናይ ብርሃን ሂቡ ንጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ ከም ዘርዕዶ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ገና'ውን ጉዕዞ ሓድነና ቀጻሊ ኮይኑ ኩለን'ተን ናይ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ፍልልይ ዘይብለን ውድባት ከምዝሓብራ ጥርጥር የብልናን።

ንሕና ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ከም ኣካል ናይ ህዝብና መጠን ኣብ ብረታዊ ተጋድሎና ዝተጻወትናዮ ታሪኻዊ ግደ ዓለም ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ኣብዚ ግዜ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘይፈልጥ ኣሎ ኢልና ስለዘይንኣምን ብዛዕብኡ ብዙሕ ምዝራብ ኣየድልን። ድሕሪ'ዚ ኹሉ መስዋእትን ስንክልናን ተወፋይነትን ግን ሃለዋት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ሎሚ ኣብ ዘስካሕክሕ ኩነታት ይርከብ። መንእሰይ ኣደዳ ስደትን ውርደትን ኮይና። ኣደ ደቃ ተዘሚታ ወይድማ ዘኸታማት ቆልዑ ናይ ምዕባይ ሓላፍነት ተሰኪማ፡ ኣደ ስዉእ ኣብ ዕብየታ ዝኣልያ ስኢና ብሓፈሽኡ ወጽዓታት ተደራሪቡዋ ብጭካኔ ህግደፍ ክትማረር ትነብር ኣላ።

ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ከም ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ዓለም ኣብ ፖለቲካውን ቁጠባውን ሕብረተሰብኣውን ሃለዋት ሃገርና ማዕርነትና ንምርግጋጽ ተወዲብና ምቅላስ የድልየና። ካብ'ዚ መትከላዊ እምነት'ዚ ተበጊሱ ሰልፍና ኣብ መስራቲ ጉባኤኡ ብዘጽደቖ ፖለቲካዊ ፕሮግራም መሰረት ከም ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ውሽጢ ሰልፍና ተወዲብና ክንንቀሳቐስ ጸኒሕና። ኣብ ህዝብና ናይ ተወዲብካ ምቅዋም መንፈስ ሕጉን ኣብዘይሃለወሉ መድረኽ ዝገጥመና መኸተ ቀሊል ኣይኮነን። ምስ'ቲ ኹሉ ዝገጥመና መኸትታት ግን ክሳብ ሕጂ ካብ ዝተመዝገበ ዓወታት እቲ ናብ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከብ ኣሽሓት ኣሕዋትና ኣዕቊቡ ዘሎ መደበር ስደተኛታት ብወከልትና ዝተገብረ ዑድትን ንስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትና ዝተወፈየ ምጡን ሓገዛትን'ዩ። ገና'ውን ህዝብና ክሳብ ዝርህዎ ዝከኣለና ሓገዝት ካብ ምውፋይ ኣይክንቁጠብን ኢና።

ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢ ሰልፍና ንመሰላት ደቂ ኣንስትዮ ክጣበቕን ግደ ደቂ ኣንስትዮ ንምዕባይ ንቕሓትና ክብ ንምባል ዝጽዕር ዘሎ እዩ። ምስ ኣብ ሃገርና ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ንምርግጋጽን ዝቃለስ ነጻ ማሕበር ደቂ

ኣንስትዮ ዝጋጮ ኣይኮነን። ኣይጋጮን ጥራሕ ዘይኮነ ኣባላት ምትእስሳር ደቂ ኣንስትዮ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣባላት ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ክንከውን ዝእግደና ሕጊ የሎን። ክልቲኡ ተወሃሂዱ ክሰርሕ ይግባእ። ምትእስሳርና ኣድላይነት ናይ ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ይኣምንን ኣካሉ ኮይኑ ክቃለስን ድሉው እዩ።

ድሞክራሲ ክጥጥዕ ምቹእ ባይታ የድልዮ። ዲሞክራስያዊ ባህሊ ክምዕብል ስኒትን ሰላምን ወሰንቲ ረቛሒታት'ዮም። ባህሊ ናይ ሰላምን ስኒትን ኣብ ስድራቤት እዩ ዝጅምር። ኣብ ስድራቤት ሰላምን ስኒትን ክነግስ ድማ ዝዓበየ ግደ ትጻወት ኣደ እያ። ስለ'ዚ ብዘይተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝህነጽ ዲሞክራሲ ከምዘየሎን ንመሰል ጓል ኣንስተይቲ ዘየኽብር ብባህርያቱ ዲሞክራስያዊ ክኸውን ከምዘይክእልን ዝተረጋገጸ እዩ። መሰልናን ማዕርነትናን ንምርግጋጽ እምበኣር ኣብ ሰልፍታትን ውድባትን ሃሊና ጥራሕ ዘይኮነ ኣብ'ቲ ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኣቲና ምስ'ቲ ኹሉ ንፍትሕን ሰላምን ዝቃለስ ዘሎ ኣካላት ሕብረተሰብና ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ምንዓዝ'ምበር ኣማራጺ የሎን።

ናይ ሎሚ ዓመት ፌስቲቫል ብሓፈሽኡ ንተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ ብፍላይ ድማ ንፍትሓዊ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ዓቢ ሞራላዊ ዕጥቂ ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ሓድነት ህዝብና ክሳብ ዝረጋገጽ፡ ጭቆና ካብ ሱሩ ተማሒዩ ብፍትሒን ሰላምን ክሳብ ዝትካእ ከይተሓለልና ክንቃልስ ኢና። መደረና ከነስምዕ ዕድል ዝሃብኩምና ኣንደገና ነመስግን።

ዓወት! ንዲሞክራስያዊ ቓልሲ
ፍትሕን ሰላምን ይንገስ!
ብዘይ ተሳትፎና ዝዕወት ቃልሲ የሎን!
ውድቀት! ንጭቆናን ትምክሕትን
ክብርን ሞገስን ንስዉኣትና!
8 ነሓሰ 2009

## ቃል ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ፌስቲቫል 2009– ፍራንክፉርት



ኣማኒኤል በራኺ

ዝኸበርካ ኣቦ መንበር
ክቡራት ኣባላት ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ
ሰልፊ ዲሞክራሲን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን
ክቡራት ኣባላት መሪሕነትን መሰረታትን
ዕዱማት ኣጋይሽ

ዕዉት መበል 24 ሓባራዊ ፌስቲቫል ኪኸውን ብስም ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ እናተመነኹ፡ ነዚ ናይ 2009 ፌስቲቫል ፍሉይ ድምቀት ዝህቡ፡ ኣብ ጩራ ሓድነት ሰለስተ ሰልፍታት ምብዓሉ'ዩ። ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ምንቅስቓስ ጋሻ ሰቲትን ተበጺሑ ዘሎ ናይ ሓድነት ስምምዕ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንመንእሰያት ከኣ ብፍላይ ተስፋ ዝህብ፣ ኣብ ናይ ለውጢ መስርሕ ከኣ ልዑል ኣበርክቶ ክህልዎ ምኻኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ልክዕ'ዩ፡ ክሳብ ሕጂ ዝጸንሔን ዘሎን ኣገባብ ኣካይዳን ኣቀላልሳን ደንበ ተቓውሞ፡ ነቶም ናይ ተቓውሞ መርገጽ ዘለዎም መንእሰያት ጠርኒፉ፡ ንተርኦም ዘሕይልን ግዲኦም ክዋስኡ ባይታ ዝፈጥርን ሰሓብን ኣይነበረን።

ስለዚ ዘሎናዮ መድረኽ ኣዝዩ ምዕቡልን ሓዲሽን ዝኾነ ናይ ቃልሲ ጥበብ፡ ናይ ቃልሲ ምዕራፍ፡ ናይ ቃልሲ መንፈስ ዝሓዘለ፣ ንመጻኢት ኤርትራ ዝጠመተ፣ ንመንእሰያት ዝሓቑፈ፡ ፖለቲካዊ ኣሰራርሓን ጥርናፈን ይጠልብ ኣሎ።

ካብዚ ብምብጋስ'ውን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ ንተራ መንእሰያት ንምሕያልን ንግቡእ ግዲኦም ክጻወቱ ባይታ

# ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልስን መኸተ ኣንጻር ኤርትራዊ ምልክን

(ኣብ ሓባራዊ ፌስቲቫል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ዝቐረበ መዛተዪ ወረቐት)
ፍራንክፈርት፡ 7-9 ነሓሰ 2009

ብዶ/ር ዳንኤል ረዘነ



ዝኸበርኩም ተሳተፍትን ወደብትን ናይዚ ፌስቲቫል፡

ብቐዳምነት፡ ኣብዚ መድረኽዚ ቀሪበ ተሞክሮይ ከካፍል ዕድመ ንዝቐረቡለይ ወደብቲ ከመስግን እፈቱ። ናይ ኢጋጣሚ ነገር ኮይኑ፡ ብሰሪ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ዘጋጠመ ተክኒካዊ ጸገማት፡ ብኣካል ናብዚ ናይ ፌስቲቫል ቦታ ክመጽእ ብዘይ ምኽኣለይ ቅር እንዳበለኒ፡ ዓወትን ኣሳልጦን እምነየልኩም።

ንሎሚ መሪጸዮ ዘለኹ መዛተዪ ነጥቢ፡ ከምቲ ኣብ ኣርስእስቲ ተነጺሩ ዘሎ፡ ኣብ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ዘተኮረ ክኸውን ኢዩ። ኩልና ከም እንግንዘቦ እዚ ኣርእስቲ'ዚ ሓደ ካብቶም ኣብዚ እዋንዚ ኣካታዕቲ ኮይኖም ዘለዉ ዛዕባታት ኢዩ። ኣዝዩ ገፊሕ ኣርእስቲ ብምዃኑ ንኹሉ ጎድንታቱ ኣብዚ ናይ ሎሚ መድረኽ ጥራይ ከተንጽሮ ዝከኣል ኣይኮነን። ኣብቲ ኣገዳሲ ዝብሎ ነጥብታት ብምትኳር ተረድኦይ ኣብዚ ጉዳይዚ ከምዚ ዝስዕብ ከቕርቦ ኢየ።

ንምፍጣርን፡ ከምኡ'ውን መንእሰያት ኣብ መጻኢት ኤርትራ ልሉይ ተራ ክህልዎም ፍሉይ ኣትኩሮ ዝገበረሉ።

ንሕቶ መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ መጻኢ ራእይ ሰልፊ ኣተኣሳሲሩ ስለዝርእዮ፡ ካብዚ ዕግበት እዚ ነቒሉ፡ ንመጻኢ ዕድል ሃገርና ኣማዕድዩ ክጥምት ከሎ፣ ንጉዳይ መንእሰያት ኣብ ቀዳማይ ቦታ'ዩ ዝሰርዖ። ኤርትራ ብዓቕምን ብርታዐን መንእሰያት እያ ክትምዕብል ትጽቢትና።

መንእሰይ ብባህርያቱ እቲ ቀንዲ ኣዋዳድን ኣንቓሳቓስን መራሕን ናይ ለውጢ ሓይሊ ምዃኑ ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ኣመስኪሩ እዩ። ይኹን'ምበር ኣብዚ ዘሎናዮ ጊዜ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ተቓውሞ ተጠርኒፉ ፍትሒ ኣብ ኤርትራ ክነግስ ዝገብሮ ተሳትፎ ዉሑድ ምዃኑ ኢና ንዕዘብ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ መንእሰይ ድማ ብፍላይ፡ ካብ ምልኪ ህ.ግ.ዲ.ፍ.፡ እንትርፎ ሰብኣዊ ግህሰታትን ውርደትን ዝረኸብኦ መሰል ከምዘየሎ ኩሉ ዝፈለጦ መሪር ሓቂ እዩ። ስለ'ዚ እቶም ካብ'ዚ ጨኳኒ ስርዓት ዕድል ረኺቦም ህይወቶም ዘድሓኑ መንእሰያት፡ ምእንቲ መባእታዊ መሰልን ዲሞክራስያዊ ለውጥን ክብገሱ ይግባእ።

ብፍላይ ድማ መንእሰያትና ከም ናይ ለውጢ ሓይሊ መጠን ዝተጋህሰ ክብሪ ህዝብና ንምምላስ ዝያዳ ናይ ቃልሲ ሓላፍነት እትጥለቡሉ እዋን እዩ።

ወኪል ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
ጽን ኢልኩም ስለ ዝሰማዕኩሙኒ የቐንየለይ

መእተዊ

ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝኣመሰለ፡ ንነዊሕ ዓመታት መሰሉ ዝተሓርመ፣ ፍትሒ ዝተነፍገ፣ ዓመጽ ዘሰልከዮ ህዝቢ፡ ብመሰል ደረጃ ክእድም ወይ ብረት ተሓንጊጡ መሰለይ ክብል መሰል ከም ዘለዎ ብዙሕ ዘከራኽር ነገር ኣይኮነን። ኣብ ካልእ ከይከድና ንኣድማሳዊ ውዕል ሰብኣዊ መሰላት (Universal Declaration of Human Rights) እንተተመልከትና'ኳ እዚ ዝስዕብ ሓሳብ ንረክብ። እቲ ኣዋጅ፡ ኣብ ሳልሳይ ሕጡብ-ጽሑፍ ናይ መእተዊኡ (preamble) ከምዚ ዝስዕብ ዝብል መትከል ኣስሪፉ ኣሎ።

Whereas it is essential, if man is not to be compelled to have recourse, as a last resort, to rebellion against tyranny and oppression, that human rights should be protected by the rule of law ...

ተዛማዲ ናይ ትግርኛ ትርጉሙ ከምዚ ዝስዕብ ይመስል፦

ወዲ ሰብ፡ ዋላ ውን ከም ናይ መጨረሻ ኣማራጺ፡ ተገዲዱ ንጭቆናን ምልክን ብኣድማ መታን ከይምክቶሲ፡ ኣብ ልዕልና ሕጊ ዝተመስረተ ሰብኣዊ መሰላት ክኽበር ኣለዎ።

እዚ ሓሳብ እዚ ዋላ'ኳ ብቐጥታ መሰል ምእዳም እንተዘይፈቐደ፡ ብተዘዋዋሪ መገዲ ግን ከም ናይ መጨረሻ ኣማራጺ ክትግበር ከም ዝኽእል ዝእምት መትከል ኣስፊሩ ኣሎ። መሰል ምእዳም ክበሃል እንከሎ ከኣ ብረት ኣልዒልካ ንመሰልካ ምርግራግ ውን ከጠቓልል ከም ዝኽእል እምንቶይ ኢዩ። ነዚ ትንተና እዚ ዝድግፉ ምሁራትን ክኢላታትን ከም ዘለዉ ውን እፈልጥ። ስለዚ ብመሰል ደረጃ፡ ዝተዓመጸ ህዝቢ፡ ካልእ ኩሉ ኣማራጽታት ዝተነፍጎ ህዝቢ፡ ፖለቲካዊ ኩነታት ዘፍቅደሉ እንተኾይኑ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክካይድ ከም ዝኽእል ዘከራኽር ነገር ኣይኮነን። ኣብ ናይ ሕጂ ኩነታት ግን እዚ መሰል'ዚ፡ ከምቲ ጸኒሐ ዝገለጽ፡ ብዙሕ ሕቶታት ዝኸበቦ፡ ኣይ መርገም ኣይ ምረቓ ዝዓይነቱ ጉዳይ ኢዩ። ናብ ታሪኽ ምልስ ኢልና ግን ህዝቢ ኤርትራ ናጽነቱ ንምጭባጥ ዘካየዶ ብረታዊ ቃልሲ ከም ሓደ ጭቡጥ ኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል ነገር ምዃኑ ንግንዘብ። እዚ ተሞክሮ እዚ ግን ኣብ ነብሱ ዝኸኣለ ፍሉይ ታሪኻዊ ኩነታት ዝተኻየደ ቃልሲ ብምንባሩ ካብዚ ሕጂ ዘዛርብ ዘሎ ዛዕባ ዝፍለየሉ ብዙሕ ነጥብታት ኣሎ። ሕጂ ዘዛርብ ዘሎ ጉዳይ ግን ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኣንጻር ምልኪ ከመይ እንተተገብረ ይሓይሽ ዝብል ክትዕ ኢዩ። እዚ ዝስዕብ ትዕዝብታት ክቐርበሉ ይኽእል።

ኣብ ኤርትራስ እንታይ ክግበር ይከኣል፧

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓት፡ በቲ ንቡር መግለጺ መንግስትነት "መንግስቲ" ክትብሎ ዘሸግር፡ ብኣንጻሩ ብመለኽትን ዓመጽትን ዝቖመ ፖለቲካዊ ጉጅለ ኢዩ። ብፍላይ ካብ መስከረም 2001 ጀሚሩ እዚ ሓቂ እዚ ኣዝዩ ጎሊሑ ኢዩ። ስርዓት ህግደፍ ዝኾነ ይኹን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝሓለነ ተበግሶ ከም ዘየፍቅድ፡ እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ለውጢ ዝሓትት ተበግሶ ብጭካነ ከምዝምክቶ ብግብሪ ተራእዩ ኢዩ። ሕልፍ ዝበለ መጻይን ኣራዊታውን ባህርይ ዘለዎ ስርዓት ከም ዝኾነ ንኹሉ ደላይ ለውጢ ዝስወሮ ነገር ኣይኮነን። ኣብ ናይ ቃልሲ ስትራተጂ ዘሎ ፍልልያት ግን ኣብ ልዕሊ ባህርያት ስርዓት ህግደፍ ንዘሎ ተረድኦ ዝውክል ከም ዘይኮነ ብሩህ ክኸውን ይግብኦ።

ሎሚ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝኾነ ይኹን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝሓለነ ናይ ቃልሲ ስትራተጂ (ጎነጻዊ ድዩ ዘይጎነጻዊ ብዘይገድስ) ክተተግበር ዝከኣል ነገር ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ብኽሳዱ ተረጊጹ ምዕይ ክብለሉ ኣብ ዘይክእል ኩነታት ስለ ዝርከብ፡ እቲ ዝርከቡ ናይ ቃልሲ ተበግሶታት ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት ወይ ኣብ ካልኦት ናይ ስደት ሃገራት ኮንካ ኢዩ ዝግበር ዘሎ። ገለ-ገለ ውድባት ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ኣብያተ ጽሕፈትን "ንጡፍ" ወተሃደራዊ ህላወን ከም ዘለወን ይግለጽ'ኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝበዝሐ ኤርትራዊ ተበግሶታት ግን ኣብ ኤሮጳ፣ ኣመሪካን ካልእ ክፋላት ዓለምን ብዝቕመጡ ኤርትራውያን ዝተዓብለለ ምዃኑ ኩልና ንሰማማዓሉ ነጥቢ'ዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ስለዚ ብሕጽር ዝበለ ኣገላልጻ ናይ ስደት ቃልሲ ኢልካ እትገልጾ መኸተ ኢዩ ዝካየድ ዘሎ። እቲ ክሕተት ዘለዎ ሕቶ እምበኣር፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ቃልሲ ኣየናይ ዓይነት ስትራተጂ ኢዩ ዝያዳ ዘድምዕ ወይ ኣይናይ'ዩ ዝያዳ ግብራዊ ኢልካ ዝሕተት ሕቶ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ኣብ ጎነጻውን ዘይጎነጻውን ኣገባባት ቃልሲ ዘሎ ፍልስፍናውን ሞራላውን ሙጉት ንግዚኡ ንጎኒ ገዲፍና ኣብቲ ግብራዊ (ፕራግማቲካዊ) መዳይ ኣተኵርና ክንምልሶም ዝግብኣና መሰረታውያን ሕቶታት ኣለዉ። ከምዚ ዝስዕብ ከቕርቦም ኢየ።

ምስ መንን ኣበይን፧

መብዛሕትኡ ኣብ ቃልሲ ዘሎ ሰብ ከም ዘስተውዕሎ፡ እዚ ዝካየድ ዘሎ መኸተ ኣንጻር ምልኪ ዝልለየሉ ሓደ መሰረታዊ ጠባይ ኣሎ። ነቲ ቃልሲ ክሳብ ሕጂ ጸላዊ ክበሃል ዝኽእል ቁጽሪ ህዝቢ (critical mass) ኣይተጸንበሮን። እቲ ምኽንያት ብዙሕ እኳ እንተኾነ እቲ ጸገም ግን መሰረታዊ ኢዩ። ለውጢ ክደናገ ካብ ዝገበሩ መሰረታውያን ምኽንያታት ሓደ ድማ ክሳብ ሕጂ ከቢድ ጽልዋ ዘለዎ ቁጽሪ ህዝቢ ኣብ መሳርዕ ቃልሲ ክጽንበር ዘይምኽኣሉ ኢዩ። ድሒሩ ዝኽሰት ዘሎ ተስፋ ዝህብ ናይ ምዕኹኽ ተርእዮታት'ኳ እንተሎ ብመንጽር ሰፊሕ ድጋፍ ህዝቢ ግን ገና ብዙሕ ዝተርፍ ነገራት ከም ዘሎ ዘከራኸር ጉዳይ ኣይኮነን። ነዚ መሰረታዊ ሕጽረት'ዚ ምስቲ ቃልሲ ዝጠልቦ ረቛሒታት ኣዛሚድካ ምርኣዩ ከድልየና ኢዩ። ቃልሲ ብመሰረቱ (ብውክልናን ብጽሒትን) ንመላእ ኣካል ሕብረተሰብ ክጽንበር ዝግብኦ መስርሕ እኳ እንተኾነ ካብ ናብኡ ግን መንእሰይ ዘይሳተፎ ምስ ዝኸውን ኣድማዕነቱ ኣጠራጣሪ ኢዩ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ ተስፋ ዝህብ ናይ ቀረባ እዋን ምዕባለታት'ኳ እንተሎ ተሳትፎ መንእሰይ ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ግን ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ ኢዩ ዘሎ። ዝኾነ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከካይድ ኢየ ዝብል ፖለቲካዊ ሓይሊ እምበር ኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝኣመሰለ ርኡይ ሕጽረት ዘለዎ ኩነታት ነቲ ዝበሃል ዘሎ ስትራተጂ ብኸመይ ከተግብሮ ከም ዝሕልን ክትርድኦ ኣዝዩ የጸግም።

መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ቃልሲ ዘይመጸንበሪኡ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ክህልዎ ይኽእል። ልዕሊ ኹሉ ግን እቲ ኣብዚ ቐረባ ዓመታት ካብ ኤርትራ ዝተሰደደ መንእሰይ ዳርጋ ብምልኡ ብውትህድርና ዝላደየ፡ ብረቱን ዕጥቁን ደርብዩ ናብ ስደት ሃጽ ዝበለ ዜጋ ኢዩ። እቲ ዝዓበየ ጸላኢኡ ህግደፍ ጥራይ ዘይኮነ ደረት ዝሓለፈ ዕስክርናን ወተሃደራዊ ባህልን ኢዩ። ብግብሪ ይረአ ከም ዘሎ ድማ፡ ይትረፍ ንዓ ብረት ኣልዒልካ ንህግደፍ መክቶ ኢልካዮ ክመጸልካስ ኣኼባታት ጸዊዕካ ዝመጽእ 'ውን እንተተረኺቡ ንጋዶ ኢዩ። መንእሰይ ኣብ ቃልሲ ብንጥፈት ንኸሳተፍ ጻዕሪ ምክያድ ናይ ኩሉ ሓላፍነት እኳ እንተኾነ ንዓ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ተጸመድ ኢልካዮ ሕራይ ኢሉ ዝመጸልካ መንእሰይ ኣሎ ኢለ ክኣምን ግን ብወገነይ ኣዝዩ ይኸብደኒ። ንነብሰይ ኣካል ናይዚ ዝዛረበሉ ዘለኹ ወለዶ ጌረ ኢየ ዝሓስባ። ነዚ ወለዶዚ ብምሉእነት ይውክል ኢየ ክብል እኳ እንተዘይደፈርኩ ትርግታ ልቡ ግን ብዝተወሰነ ዓቐን ከድምጽ ዝኽእል ኮይኑ ይስምዓኒ። ብተረድኦይ ጎነጽን ውትህድርናን መንእሰይ ሎሚ ክሰምዮ ዝደሊ ናይ መወዳእታ ዘረባ ድኣ እምበር ፈላሚ ሙጉት ኣይመስለንን። እሞ ንመን ሒዝካ ኢዩ ደኣ'ሞ ዕጥቃዊ ቃልሲ ክግበር ዝሕሰብ፧ ሕጂ ናብቲ ፍልስፍናውን ሞራላውን ሙጉት ክምለስ።

## ሱር ዝሰደደ ወተሃደራዊ ባህሊ

ኣብ ኤርትራ ምልኪ ህግደፍ ጥራይ ኣይኮነን ጸገም ኮይኑ ዘሎ። እቲ ዝዓበየ ጸገም ንነዊሕ ዓመታት ሱር ዝሰደደ ወተሃደራዊ ባህሊ ኢዩ። እዚ ጸገም'ዚ ንኹሉ ጸጋታት ሕብረተሰብ በኪሉ ገዚፍ ሃገራዊ በሰላ ፈጢሩ ኣሎ። ኣብ ኤርትራ ነባርን ዘላቕን ዲሞክራስያዊ ባህሊ ክዕንብብ እንተኾይኑ ድማ ምውጋድ ህግደፍ ጥራይ እኹል ኣይኮነን። ብወገነይ እቲ ዝዓበየ ብድሆ ዝብሎ፡ ነዚ ዝሳዕረረ ወተሃደራዊ ባህሊ ብዲሞክራስያዊ ባህሊ ምትካእ ኢዩ። እዚ ድማ በሲሉ ዝፈንተረ ወተሃደራዊ ሓሳባታት ብምኹምሳዕ ዘይኮነ ክትግበር ዝኽእል፡ ዲሞክራስያዊ ኣተሓሳስባን ባህልን ብምኹስኳስ ጥራይ'ዩ ክዕወት ዝኽእል ዝብል እምነት ኣሎኒ። ጎነጽ ብባህሪኡ ጎነጽ ኢዩ ዝወልድ። ኣዝዩ ውሑድ (ንጣር) ተሞክሮ ሃገራት ዓለም ገዲፍካ ብጎነጽ ናብ ስልጣን ዝመጽአ ፖለቲካዊ ሓይሊ ንኹሉ ነገራት በዚ መንጽር እዚ ኢዩ ዝርእዮ። ካብዚ ዓንኬል'ዚ ወጺኡ ዲሞክራስያዊ ባህሊ ከዐምብብ ዝተራእየ ተሞክሮታት እንተሎ ከምቲ ካብ ብሱል ጥረ ዝበሃል ምስላ ኢዩ። ሎሚ ኣብ ዓለም እንዳገነነ ዝኸይድ ዘሎ ኣድማሳዊ ተረድኦ ውን ምስትብሃል ዘድልዮ ነገር ኢዩ። ዳርጋ ብምሉኡ ብረት ዓጢቑ ኣንጻር መንግስታት ዝቃለስ ፖለቲካዊ ሓይልታት ከም ግብረ-ሽበራዊ ተበግሶታት ኣብ ዝረኣየሉ እዋን፡ ነዚ መስመር'ዚ ምርዓም ዘኸትሎ ፖለቲካዊ ክሳራታት ካብቲ ክጭበጥ ዝሕለን ዓወታት ዝዛየደ ኢዩ። ናይ መጨረሻ ፍታሕ ካባና ካብ ኤርትራውያን ክመጽእ ከም ዝግብኦ ርዱእ ኮይኑ፡ ኣብ ዓለም በይንና ስለ ዘይንነብር ደገፍን ተደናጋጽነትን ዓለም ክንከስብ ከም ንደሊ ርዱእ ኢዩ። ንጎነጽ ከም መሰረታዊ መፍትሒ ግርጭት ዝረዓመ ፖለቲካዊ ሓይሊ ግን ብሓቂ ከምዚ ዝኣመሰለ ደገፍን ተደናጋጽነትን ክረክብ ይኽእልዶ፧ ምስዚ ተዛሚዱ ዝርአ ብዙሕ ሕጋዊ ኣመታት ከም ዘሎ ውን ምርዳእ የድሊ - ብመንጽር ሕጊ ኩናትን (international humanitarian law) ካልእን። ኣብዚ መድረኽዚ ንኹሉ ብዝርዝር ከተቕርቦ ግን ዝከኣል ኣይኮነን።

ናይ ኣረዳድኣ ጸገም

ዘይጎጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ክበሃል እንከሎ ብዙሓት ሰባት ምስ ሰላማዊ ሰልፍታን ምጽሓፍ ናይ ጥርዓን ደብዳበታትን ጥራይ ኣተሓሒዞም ዝርድእዎ ሰባት ኣለዉ። ሓደ-ሓደ ግዜ ውን ከም መምዘኒ ናይቲ ኣብ ምልኪ ስርዓት ህግደፍ ዘለካ ኣረኣእያ ጌርም ይወስድዎ። ብኻልእ ኣዘራርባ ኣብ ጎንጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ኢየ ዝኣምን እንተኢልካ ከም መትከላዊ ተቓላሳይ ትርአ። ብኣንጻሩ ኣብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ትኣምን እንተዀንካ ድማ ከም ተደናጋጺ ስርዓት ህግደፍ ጌርካ ናይ ምርዳእ ዝንቡዕ ኣመለኻኽታ ኣሎ። እዚ ጌጋ ምዃኑ ንዂልና ብሩህ ይመስለኒ። ኣብ ጎነጽን ዘይጎነጽን ዘሎ መትከላዊ ፍልልይ፡ ኣብ ልዕሊ ምልኪ ክህሉ ንዝኽእል መርገጺ ብዝዀነ መገዲ መዐቀኒኡ ኣይኮነን። በዚ ግጉይ ቀመር (formula) ናይ ቃልሲ ጽንዓትን ተወፋይነትን ክትመዝን ምፍታን ስሕታን ኢዩ። ኣብ ትሕዝቶ ናይ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ኣቲኻ ንምዝራብ ግን፡ ከም ነብሱ ዝኸኣለ ናይ ቃልሲ ስትራተጂ መጠን፡ ብዙሕ ኣማራጽታትን ተኽእሎታትን ከም ዘለዎ ክዝንጋዕ የብሉን። ከምቲ ዝግባእ ሰሪሕናሉዶ ኣይሰራሕናሉን ኢዩ እቲ ሕቶ። ኣብ መጋባኣያታት ዓለምን ኣብ ጸለውቲ ዝበሃላ ሃገራትን ከምቲ ዝድለ ተሰማዕነት ክንረክብ ክኢልናዶ ዝብል ሕቶ ሓደ ካብቲ ክለዓል ዝኽእል ነጥብታት ኢዩ። ነዚ ንምትግባር ጥይትን ቡምባን የድሊ ድዩ፧

ቃልስና ናይ ስደት ቃልሲ ካብ ኮነ፡ ሓደ ካብቲ ክንገብሮ ዝግበኣና ዝነበረ ነገራት ኣብ ስደት ዘሎ ህዝቢ ብስሙር ድምጺ ኣንጻር ምልኪ ህግደፍ ደው ከም ዝብል ምግባር ኢዩ። ኣብ ስደት ዘሎ ህዝብና ዳርጋ ፍርቂ ናይ ምሉእ ህዝቢ ኤርትራ በጺሑሉ ኣብ ዘሎ እዋን፡ ነዚ ክንዲዚ ዝኣክል ህዝቢ ወዲብካን ጠርኒፍካን ክጭበጥ ዝኽእል ዓወት ኣቃሊልካ ዝርአ ከም ዘይኮነ ኩልና ንግንዘቦ ነገር ኢዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ዘይተዓወትና ደኣ እሞ ከመይ ጌርና ኣብ ወተሃደራዊ መዳይ ክንዕወት እምነት ነሕድር፧ ኣየናይዶ ይቐልል፧ ብሕጽር ዝበለ ኣዘራርባ፡ ንዝበዝሐ ኣብ ስደት ዘሎ ህዝብና ደጋፍን ተደናጋጽን ቃልስና ክኸውን ኣብ ዘየእመንናሉ ህሞት፡ ብኸመይ ዝበለ ተኣምር ካብ ኤሮጳን ኣመሪካን ካልእ ክፋላት ዓለምን ተላዒሉ ብረት ክሕንገጥ ንጽበዮ፧ ኮይኑ ተሪፉ እቲ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ሱዳንን ኢትዮጵያን ዘሎ ህዝቢ ብቐሊሉ ኣብ መሳርዕ ቃልሲ ንኽንጽበር ከተእምኖ ዝቐልል ይመስል ይኸውን። ብግብሪ ግን እቲ ኣብኡ ዘሎ ህዝቢ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ከም ካልእ ኩሉ ህዝቢ መዋጽኦ ረኺቡ ኣብ ውሑስ ቦታታት ክበጽሕ ሃረርታን ሕልምን ዘለዎ ድኣ እምበር ተጠውዩ ብረት ተሓንጊጡ ክዋጋእ ቅሩብነት ዘለዎ ኢዩ ኢለ ክኣምን ብወገነይ ኣዝዩ ይኸብደኒ።

ተሳታፍነት ናይ ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝብና ከነዕዝዝ ዘይምኽኣልና ናትና ጸገም ደኣ እምበር ናይቲ ክንሰርሓሉ ዝግበኣና ዘይጎነጻዊ ስትራተጂ ጸገም ኣይኮነን። ክሳብ ሕጂ ጸላዊ ክበሃል ዝኽእል ቁጽሪ ህዝቢ ኣብ ቃልሲ ከም ዝጽንበር ዘይምግባርና ብሓቂ ናይቲ ስትራተጂ ጸገም ኣይኮነን። ከነተኩረሎም ዝግበኣና ካልኦት ፖለቲካውያን ሕቶታት ኣለዉ - ንኣብነት ስሙር ጥርናፌ በርጌሳውያንን ፖለቲካውያን ሓይልታት ዘይምህላዉ። እዚ ግብራዊ ብድሆታት እዚ ብዕምቆት እንተተረዲእናዮ እቲ ሕቶ ክሳብ ክንደይ ዝተሓላለኸ ምዃኑ ንጹር ይመስለኒ። እምበርኣከስ፡ ጎነጻዊ ስትራተጂ ብሓሳብ ጥራይ ኣብ ልዕሊ ተጻባኢኻ ፖለቲካዊ ጸብለልትነት ክፈጥር ዘኽእል ስለ ዝመስል ጥራይ፡ ግብራውነቱ ከይመዘንካ ከም መርገጺ ክትርዕሞ ኣሸጋሪ ኢዩ - ብፍላይ ኣብ ኩነታትና። እንተተረዲኡሙ ውን ኣብ ናይ ዘረባ ጨለንት ጥራይ ተሓጺሩ ዝተርፍ ኮይኑ ይስምዓኒ። ገለ-ገለ ዜጋታት ዘቕርብዎ ሙጉት ውን ኣሎ። "ጎነጻዊ-ዘይጎነጻዊ" ኢልካ ኣብ ክንዲ ምፍልላይ ብኹሉ ዝጥዕም ኣገባባት ዘይንቃለስ ይብሉ። ከምቲ ኣቐዲመ ዝገለጽክዎ ግን ምስ ህሉው ፖለቲካዊ ኩነታትና ኣዛሚድና እንተርኢናዮ ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ግብራውነቱ ኣዝዩ ዱሩት ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ንስለ ዘረባ ጥራይ እንተተዛረብናዮ ግን ፋይድኡ እንታይ ኢዩ፧

ካልእ መሰረታዊ ሕቶ 'ውን ኣሎ። እቲ ብብረት ክህረም ዝድለ ዘሎኸ መን ኢዩ፧ ተስፋ እንገብር ኩሉ ብረት ዝዓጠቐ ሰብ ክውቃዕ ኣለዎ ዝብል እምነት ከም ዘየሎ። ዝዀነ ኮይኑ፡ ኣብ ኤርትራ ይፍጸም ናይ ዘሎ ገበናት ዝለዓለ ሓላፍነት ዝስከሙ እቶም ሃንደስቱን ሰኣልቱን ኢዮም። እቲ ዝተረፈ ሓመድ ሓፋሽ ግዱድ ዓስከር ኢዩ። እቶም ቀንዲ መን ኢዮም እንተኢልና እቶም ኣብ ዝለዓለ ጽፍሒ ሓላፍት ተኾይጦም ዘለዉ ሰብ መዚ ህግደፍ ኢዮም። ካብኦም ውርድ ኢልካ ውን ገለ ማእከሎት ሓለፍትን መኮንናትን ክህልዉ ይኽእሉ። ብግብሪ ግን እቶም ኣዝዮም ዕሉላት ዝበሃሉ ውሑዳት ውልቀ -ሰባት ምዃኖም ዘከራኽር ኣይመስለንን። እዞም ሰባት እዚኣቶም ካብ ረመጽ ሓዊ ኣዝዮም ዝረሓቑን ውሑስ ሂወትን መነባብሮን ዘለዎም ኢዮም። ብወንጭፍ ዑፍ ከተረኽኽበሎም

ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ብጭቡጥ ክግበር ዝክኣል ነገር ግን ነቲ ኣብ ወሰናስን ሃገር ዓሪዱ ዘሎ ተራ ወተሃደር (መብዛሕትኡ ዋርሳይ) ብተመልከተይ ምልቃም ኢዩ። ብሕጋውን ሞራላውን ሙጉት እዚ ኣማራጺ'ዚ ቅቡል ኢዩ ዝብል እምነት እንተሎ ከቢድ ናይ ኣረዳድኣ ጸገም ስለ ዘሎ ጥራይ ይመስለኒ። እዝን ከምዝን ዝኣመሰለ ብድሆታት ንነገራት ስኽን ኢልና ስምዒት ከይሓወስና ክንመዝኖም ከም ዝግባኣ ዘዘኻኽረና ነጥቢ ይመስለኒ። ሎሚ እንዘርኦ ዘርኢ ጽባሕ ጻህያይ ጥራይ ኮይኑ ከይበቁል ኩልና ክንሓስበሉ ዝግባእ ሓላፍነት ይመስለኒ።

ካልእ ነገር ውን ኣሎ። ብወተሃደራዊ ሓይሊ መጺኻ ህግደፍ ኣቃሊልካ ዝረአ ስርዓት ኣይኮነን። ብዘይ ደገፍ ናይ ወጻኢ ሓይልታት በዚ መዳይዚ ክትምክቶ ቀሊል ኣይኮነን። ወተሃደራዊ ምትእትታው ናይ ወጻኢ ሓይልታት ኣብ ዝገሃደሉ ግዜ ድማ ዝለዓል መሰረታዊ ሕቶታት ኣሎ። ንኣብነት ናይ ልኡላውነት ሕቶ ካብቲ ክመጽእ ዝኽእል ሕቶታት ሓደ ኢዩ። ኣብዚ መዳይዚ ጥንቁቕ ኣካይዳ ክህሉ ከም ዝግባእ ዝዝንግዕ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ነቲ ደፊሩ ኣብ ቃልሲ ክጽንበር ዘይከኣለ ህዝቢ ከምዚ ዝኣሰመ ዘደናግር መሲሉ ዝረኣዮ ነጥብታት ክሳብ ዝሃለወ ክትከስቦ ከጸግም ኢዩ። ምኽንያቱ ውዒሉ ሓዲሩ ህዝቢ ዘይኣመነሉ ለውጢ ድልዱል ሰረት ክህልዎ ዘለዎ ተኽእሎ ምህሙን ክኸውን ስለ ዝኽእል።

*መደምደምታ*

እምበኣርከስ ኣብ ሞንጎ ጎነጻውን ዘይጎነጻውን ቃልሲ ክንካታዕ እንከሎና፡ ፖለቲካዊ ኩነታትናን ታሪኽናን ዝፈጠሮ ሕጽረታትን ንሱ ዘፍቅዶ ተኽሎታትን ኣብ ግምት ብምእታው ደኣ እምበር ሞራላውን ሕጋውን ተቐባልነት ናይቲ እንመርጾ ኣገባብ ቃልሲ ብምርኣይ ጥራይ ኣይኮነን። ብመሰል ደረጃ ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ቅቡል ዝኾነሉ ኩነታት ክህሉ ከም ዝኽእል ርዱእ ኢዩ። ነዚ ዘፍቅድ ታሪኻዊ ኩነታት ኣዝዩ ድሩት ኢዩ። ከም ህግደፍ ዝኣመሰለ መጻይ ስርዓት ብኸመይ ክግጠም ኣለዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብዚ እዋንዚ ህዝቢ ኤርትራ ብኸመይ'ዩ ክገጥሞ ዝኽእል ዝብል ሕቶ እንኮላይ ኣገዳሲ ኢዩ። እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ህዝቢ ክገብሮ ዝኽእል ነገራት ከም ዘየለ ርዱእ ኢዩ። ኣብ ስደት ውሑድ ዘይበሃል ቁጽሪ ህዝቢ ከም ዘሎ ንፈልጥ። ክሳብ ሕጂ ዝነበረ ተርኡ ግን ኣዝዩ ዝሕቱል ከም ዝኾነ ፍሉጥ ጉዳይ ኢዩ። እዚ ርኡይ ሕጽረታት'ዚ ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ኤርትራዊ መኸተ ኣንጻር ምልኪ ኣድማዕን ግብራውን ከም ዘይኮነ ዘነጽር ኣብነታት ኢዩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ልዕሊ ኹሉ ግን ከም ህዝቢ ኤርትራ ዝኣመሰለ ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ዕስክርናን ወተሃደራዊ ባህልን ዘላደዮ ህዝቢ ተተመላሊሱ ኣብ ጎነጽ ክሸመም ትጽቢት ምሕዳር ንኽውንነት ዘይምግንዛብ ይመስለኒ። ኣብ ኣኼባታትን ሰላማዊ ሰልፍታትን ጉልባቡ ቀሊዑ ዝሳተፍ ጸላዊ ዝበሃል ቁጽሪ ህዝቢ ዘይተጎስጎሰ ንህግደፍ ብረት ተሓንጊጡ ዝዓሉ ቦጦሎንታትን በራጊድን ክህሉ ምጽባይ ካብ ክውንነት ዝረሓቐ ትምኒት ከይከውን ምስትውዓል የድሊ። ንነገራት ምስ ፖለቲካዊ ክውንነትና ኣዛሚድና ክንርእዮ ይግባእ። ኣብ ርእሲዚ፡ ከምቲ ዝግባእ ስለ ዘይተሰርሓሉ ድኣ እምበር ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ኣድማዒ ስልታትን ኣገባባትን ከም ዘለዎ ምርዳእ ውን ኣገዳሲ ኢዩ። ዘይሰርሐ ኮይኑ ዘይኮነስ ኣይሰራሕናሉን።

# ኣካል ናይ ሓድነት ንኹን

ክሳብ ቀረባ እዋን፡ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሜዳ ብሓፈሻ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ከኣ ብፍላይ፡ ብስእነት ሓድነት ወይ ንሓድነት ዝቀራረብ ተርእዮ ክሳቐዩ'ዮም ጸኒሖም። እዚ ድማ፡ ናይ ህዝቢ ቍጥዐን ሾነኔን ከስዕብ ጸኒሑ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ተቓወምቲ ሓይልታት፡ ዘላቕን ዘተኣማምንን ደገፍ ናይ ህዝቢ ስለዘይረኸቡ፡ ተቐባልነቶም ኣድማዕነቶምን ብኡ መጠን ክሕጸር ተገዲዱ። ብፍላይ ድማ፡ ናይ መንእሰያትን ክኢልታትን ደገፍ ንተቓወምቲ ሓይልታት ካብ ዝኾነ ይኹን ክፉል ናይ ሕብረተ-ሰብና ንላዕሊ በኹሩ'ዩ ጸኒሑ።

ናይ'ዚ ንነዊሕ እዋን ዝቐጸለ ናይ ሓድነት ቅልውላው ጠንቅታት'ዮም ዝብሃሉ ብዙሓት ጉዳያት ይለዓሉ ኢዮም። ኣብ መዋእል ብረታዊ ተጋድሎና፡ ኣብ መንጎ ጉጅለታት ተሓኤ ዝተፈጥሩን ክሳብ ሕጂ ከይተፈትሑን ዝቕጽሉ ዘለዉ ፖለቲካዊ ፍልልያት፣ ኣብ መንጎ ጀብሃን ሻዕብያን ዘሎ ክፍታሕ ዘይክእል ዝመስል ግርጭታት፣ ናይ ግዳም ሓይልታት ጣልቃ ኣኣታውነትን ዝብሉ ገለገለ ካብ'ቶም ጠንቅታት ኢዮም። ገለ ውን፡ ኣብ ውሽጢ ተቓወምቲ ናይ ህግደፍ ስለያዊ ሰልኾታት ኣሎ ዝብል ነጥቢ ይውስኹ ኢዮም። ካልእ ጠንቅታት ተባሂሎም ዝዝረበሎም ክህልዉ ውን ይኽእሉ ይኾኑ።

እቲ ጠንቂ ኣየናይ ምኻኑ ብዘየገድስ፡ ብኾራት

ናይ ሓድነት ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ውድባት ኤርትራ ኣሉ ከበሃሎ ዘይክእል ጉዳይ ምኳኑ ብሩህ ኢዩ። እዚ ዘብለና ምኽንያት ከኣ፡ ተቓወምቲ ውድባት፡ ማዕረ'ቲ ድሕሪ ናጽነት ሃገርና ዝተጋህደ ህጹጽ ለውጥታትን ምዕባለታትን ክብ ክብላ ዘይምኽኣለን፣ ሕምረትን ምንጪን ናይ ጸገማትና ኣብ ጉዳይ ሓድነት ኰይንን ኣለዋ ኢልና ስለእንኣምን ኢዩ። ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፡ ሕቶ ሓድነት ተቐይሩ፡ ንኹሎም ኣብ ፍትሕን ዲሞክራስን ሰላምን ረብሓ ዘለዎ ኣባላት ህዝባዊ ግንባር ሓርነትን ኣባላት ተሓኤን ናጻ ዝኾኑ ውልቀ-ሰባትን ተሳትፎ ዝሓትት ጠለብ ኰይኑ ክነሱ፣ ናይ ተሓኤ ጉጅለታት ኣረዳድኣ ኣብ ሓድነት ግን፡ ነቶም ካብ ተሓኤ ዝተፈንጨሉ ጉጅለታት ምጥርናፍ ኣብ ዝብል ጸቢብ ተረድኦ ጥራሕ ተሓጺሩ ተሪፉ። እዚ ውን እንተኾነ፡ ብተግባር ኣይተረጋገጸን። ልክዕ'ዩ፡ ሓሓሊፉ ዝግበር ናይ ሓድነት ፈተነታት ነይሩ'ዩ። ግን ከኣ ኣይተዓወተን። ድሕሪ ናጽነት ግን፡ ኣብ ኣተሓሳስባና፡ ኣብ ምሕዝነታትና፡ ኣብ ኣረዳድኣና ንሕቶ ሓድነትን ህልዊ ኵነታትን፡ ኣብ ተግባራትናን ዝምድናናን ምስ ሓድሽ ወለዶ ለውጢ ዝጠልብ ሓድሽ ምዕራፍ'ዩ ተኸሲቱ። ብኻልእ ኣገላልጻ ኣድላዪነት ናይ ለውጢ ኣብ ኣተሓሳስባና እዋናዊ ሕቶ ኰይኑ ማለት'ዩ።

ኣብ ጉዳይ ሓድነት ንዝተጋህደ ቅልውላው መፍትሒ ንምርካብ ዝጽውዕ ጠለብ፡ ሰማዒ ስኢኑ ኣይተረፈን። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነበር፡ ብቐዳምነት ነቲ ኣብ መንጎ ተቓወምቲ ዝነበረ ናይ ሓድነት ቅልውላው፤ ብኡ ኣቢሉ ድማ፡ ንሓድነት ናይ ህዝቢ ክውን ንምግባር ዘኽእል ስትራተጂ ንምትላም ዕቱብን ዓሚቕን ምይያጣት ክካይድ ጀመረ። ከም ውጽኢቱ ከኣ፡ ነቲ ቅልውላው ብኽልተ ግንባራት ወይ ስትራተጂታት ንምምካቱ ዘኽእል መሰረት ኣንበረ።

እቲ ቀዳማይ ስትራተጂ፡ ኣብ ሓፈሻዊ ናይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ክውንነት ሓድነት ንምርግጋጽ ዝሕግዝ ለውጢ ምትእትታው ክኸውን እንከሎ፤ ብኻልእ መዳይ ከኣ፡ ነቲ ብሰሪ ጀብሃን ሻዕብያን ዝብል ግርጭታት፡ ኣብ ህዝብና ተፈጢሩ ዝነበረ ጋግ ንምጽባብ ዝዕድም ስትራተጂ ነበረ። እዚ ክልተ ኣገባባት'ዚ፡ ካብ'ቲ ንተቓወምቲ ውድባት ሓሊኹ ሒዙ ዝነበረ ጸቢብ ፖለቲካዊ ባህሊ ፈንጢስካ ንምውጻእ፡ ብናጽነትን ንምውሳእን ዘኽእል ባብ ወይ መቐድም ከፈተ። ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነበር፡ ነዚ ቀሊል ዘመስል፡ ግን ከኣ ንምትግባሩ ኣጸጋሚ ዝኾነ ስትራተጂ ምትላም ጥራሕ ዘይኰነስ፣ ናተይ ኢሉ ተታሓሒዙ ንለውጢ ክሰርሕ ቄሪጹ ተበገሰ። ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ነበር፡ ንውድቦም ኣፍሪሶም፣ ኵሎም ኣብ መጻኢ ኤርትራ ለውጢ ከረጋግጹ ዝደልዩ ኣካላት ዘሳትፍ ፖለቲካዊ ሰልፊ ንምቛም ብግብሪ ተዋስኡ። ካብ'ዚ እዋን'ዚ ኣትሒዙ፡ ጉዳይ ሓድነት፡ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ሜዳ ናህሪ እናወሰኸ ክኸይድ ጀመረ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ተመስረተ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብ እተመስረተሉ ዕለት ኣትሒዙ፡ ንሕቶ ሓድነት ቀዳምነት ሂቡ ክሰርሓሉ ጀመረ። ሓድነት ንምርግጋጽ ምህንጻይ ጥራሕ ዘይኰነስ፡ ኣገባባት ሰሪዑ ክዉንን ንድሕሪት ዘይምልለስን ንምግባሩ ውን ብግብሪ ተንቀሳቒሱ ኢዩ። እቲ ቀዳማይ ስትራተጂ፡ ነቲ ንኤርትራውያን ከይራኸቡን ብዛዕባ ጉዳዮም እኺን ምኺን ከይበሃሃሉን ከልኪልዎም ዝጸንሐ ናይ ኣተሓሳስባ፡ ናይ ፖለቲካን ታሪኽን መንደቕ ምፍራስ'ዩ ነይሩ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ ጉዕዞ'ዚ ምስኡ ክስጉም ዝደሊ መሻርኽቲ ረኺቡ ኢዩ። ብተጋድሎኡ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝኾርዕን ዝሕበንን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ነቲ ዘጋጥሞ ዝነበረ ብድሆታት መኪቱ፡ ንሰልፊ ህዝቢ ኣብ ፍርቂ መንገዲ ተቐበሎ። ነቲ ን30 ዓመታት ፈላልዩና ዝነበረ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ጋግ ሰባቢሮም ብሓባር ንለውጥን ምሕዳስን ክሰርሑ ተበገሱ። እዚ ኣብ ሓጺር ግዜ ክዛዘም ትጽቢት ዝግበረሉ ዘሎ መስርሕ ሓድነት ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሰልፍታት ብዝተፈላለዩ መድረኻት ዝሰገረ ጉዕዞ'ዩ ነይሩ። ናይ ፍልልያትካ ሓድነትካን ነጥብታት ምንጻር፤ ንፍልልያት ንምጽባብ ዝተኻየደ ልዝብ፡ ንዝተበጽሐ ስምምዓት መሰረታት ክልቲኡ ሰልፍታት ርእይቶኡ ክህበሉ ዕድል ምኽፋትን ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት ኣባላት ምልላይን፡ ምድላዋት ንኮንፈረንሳትን ናይ ምጽንባር ጉባኤን መድረኻት ዘጠቓለለ ነበረ።

ክልቲኦም ሰልፍታት ብሓባር ድሕሪ ምምራኽ፡ ንድሕሪት ክምለሱ ኣብ ዘይክእሉ ደረጃ በጺሖም። ኣብ ቀረባ እዋን ድማ፡ ክጸንበሩ ኢዮም። ክልቲኦም ሰልፍታት፡ ድሕሪ ናጽነት ሃገርና፡ ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካ ሜዳ ለውጢ ምትእትታው እዋናዊ ጠለብ ምኳኑ እንተዘይቅበሉ ነይሮም፡ ኣብ'ዚ በጽሖሞ ዘለዉ ስምምዕ ክበጽሑ ኣይምኸኣሉን።

እዚ፡ ኣብ መንጎ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ተፈጢሩ ዘሎ ሓድነትን ናይ ለውጢ ድሌትን፡ ነቲ ንነዊሕ ግዜ ዘሳቐየና ናይ ፍርህን ዘይምትእምማንን ባህሊ እናጸራረገ ይኸይድ ኣሎ። ንኣብነት፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት ብልዝብ ኣቢሉ ናብ ምጽንባራዊ ሓድነት በጺሑ። እዚ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ሰልፍታት ኣብ ሚያዝያ 2009 ዝተፈጸመ ምጽንባራዊ ሓድነት፡ ታሪኻዊ ተረኽቦ ኣብ ጕዕዞ ሓድነትና ነይሩ። ከምኡ ውን፡ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኣብ'ቲ ናይ ሓድነት መስርሕ ምእታዉ ንተስፋታት ህዝብና ኣብ ለውጥን ተሳትፎኡ ኣብ ቃልሲ ምእንቲ ሓድነትን ዘሕንን ምኳኑ ኣካታዒ ኣይኰነን።

ብርግጽ፡ ሃገርና ኣብ መስርሕ ናይ ለውጢ ትርከብ ኣላ። ንሕና ድማ፡ ማዕረ ማዕሪኡ ክንልወጥ ኣሎና። ግን፡ ነዚ ሓድነት'ዚ ዘቋናጽቡን ኣብ ናይ ቀደም ታሪኽ ዝነብሩን ሰባት ኣለዉ። እምብዛ ኣብ ሕሉፍ ስለእተጸምዱ፡ ንጕዕዞም ሓድሽ ህይወት ክሰኸዕሉ ዘይክእሉ ኣለዉ። ነቲ ኣብ ተነጽሎን ውድቀትን ዘብጽሖም ኣተሓሳስባኦም ክብድህዎን ክልውጥዎን ኣይፍትኑን ኢዮም። ብኣንጻሩ፡ ንኻልኦት ክኸሱን ንፍሽለታቶም ንኻልኦት ክሰክሙን ይርኣዩ። ንኻልኦት ምኽሳስን ኣጻብዕት'ኻ ናብ ካላኦት ጥራሕ ምምልካትን ግን፡ ኣካል ናይ'ቲ ዘየዐወተናን ኣረጊትን ናይ ሕሉፍ ፖለቲካና ኢዩ። እዚ ባህሊ'ዚ፡ ንናይ ለውጢ መስርሕን ንድሕነት ሃገርን ዘገልግል ኣይኰነን።

እቲ ኣብ መንጎ ሰልፊ ዲሞክራስን ሰልፊ ህዝብን ምንቅስቓስ ጋሽ ሰቲትን ተበጺሑ ዘሎ ሓድነት፡ ዓቢ ዝላ ካብ ናይ ቀድም ወለዶ ናብ ናይ ሕጂ ወለዶ፤ ካብ ጀብሃ ሻዕብያ ዝብል ኣተሓሳስባ ናብ ሓድነት፡ ካብ ናይ ምዕብላል ናብ ሽርክነትን ተሳትፎን፡ ንህዝቢ ካብ ምርሓቕን ምንጻልን ናብ ዲሞክራስያዊ ተሳትፎ ምስግጋር ኢዩ። ናይ'ዚ ሓድነት'ዚ ኣካል ንኹን። ንውድቀት ናይ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዘቃላጥፍን፤ ንመጻኢት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ባይታ ዘንጽፍን ዝበለጸ መድሃኒት ወይ ዋሕስ ኢዩ።

## ቃለ-መሓትት ምስ መ/ ኣደም ኣርታዓ፡

ኣባል ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

ብሚኪኤል ኣብርሃ



ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ብካብ ብሄራት ናራን ኩናማን ዝቖመ ደሞክራስያዊ ተቓውሞ ምንቅስቓስ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት፤ ዕዉት ናይ ምጽንባር ስምምዕ ዛዚሙ። ንጕጅለ ልኡኽ ናይ ሰ.ህ.ኤ. ዝመርሐ ኣቶ መሓመድ ኣደም ኣርታዓ፤ ኣባል ሰክረታርያን ሓላፊ ናይ ምልዕዓልን ምልመላን ቤት ጽሕፈት እዩ። ሚክኤል ኣብራሃ ብስልክን ኢ-መይልን ረኺቡ ብዛዕባ'ቲ ናብ ምጽንባር ዘብጽሐ መስርሕ ከብርሃሉ ሓቲቱዎ ዝሃቦ መልሲ ቀጺሉ እነሆ።

**ሕቶ፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ንወከልቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ መሪሕካ ምስ ወከልቲ ምንቅስቓስ ደሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ ጋሽ ሰቲት ኣብ ካርቱም ናይ ምጽንባር ዘተ ኣካይድኩም። እቲ ናይ ምጽንባር ዘተ ብኸመይ ብዓወት ክዛዘም ከምዝበቐዐ ክትገልጸልና ምኽኣልካ?**

ርኽክብን ዘተን ምስ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት፡ ካብ ግዜ ምምስራት ናይቲ ምንቅስቓስ ኣትሒዙ ዝጀመረ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ርክብ ዝያዳ እናሓየለን እናማዕበለን ክመጽእ ዝጀመረ ግን፡ ድሕሪ 2006 ማለት፡ ድሕሪ ሻዱሻይ ጉባኤ ተ.ሓ.ኤ-ሰውራዊ ባይቶ እዩ ኔሩ። ብፍላይ ድሕሪ ቀዳማይን መስራቲ ጉባኤን ሰልፊ ህዝቢ ፡ነቲ ዝተለዓልናሉ ሓድነት ናይ ምርግጋጽ መስርሕ ቅደሚ መደምደምታ ምብጻሕና ኣገደስቲ ባእታታት ሓድነት፤ ኣገዳሲ ቅድመ-ኩነት ምኳኑ ስለዝኣመና ኣብ ዓሚቕን ሓቀኛን ዘተ ክንኣቱ መሪጽና።

ኣብ ሕቶ ሓድነት ብዝምልከት፡ መርገጽ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ከምዚ ዝስዕብ'ዩ። ኣብዚ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ፡ ኩሉ ኤርትራዊ ብዘይ

ኣፈላላይ፡ ልኡላውነት ህዝቢ (Popular sovereignty) ንምርግጋጽ ዕዙዝ ተርኡ ክጻወት ናይ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ጉቡእን ሓላፍነትን እዩ። ነዚ ናይ ሓድነት ሕቶ ንምምላስን፡ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽን ድማ፡ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ምስቶም ተመሳሳሊ ራእይን መደብ-ዕዮን ዘለዎም ውድባት ክሳብ ናይ ምሉእ ሓድነት ጉዕዞ ክኸይድን፡ ምስተን ዝተረፋ ተቓወምቲ ሓይልታት ድማ፡ ተቐራሪቡ ብሓባር ክሰርሕን ወትሩ ቅሩብ ምዃኑ ደጊመ ከረጋግጸልካ እፈቱ። ምምስራት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንባዕሉ፡ ውጽኢት ናይቲ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ክኸይድ ዝጸንሐ ሓድነታዊ ስራሓትን ምንቅስቓሳትን እዩ። እዚ ጻዕርታት'ዚ ውን ኣብዚ ደው ዝብል ዘይኮነ፡ ቀጻሊ ተልእኾ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። ሓደ ካብቲ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ውድባት ኣብ ከምዚ ዓይነት ስምምዕ ንምብጻሕ ካብ ዝሓገዙ ረቛሒታት ድማ፡ ክልቲኣን ውድባት ኣብ ሕቶ ሓድነት ካብ ዝነበረን ሓባራዊ ኣወንታዊ ኣረዳድኣ ዝመንጨወ፡ ስነ-ኣእምሮኣውን ፖለቲካውን ቅሩብነት ናይ ክልቲኣን ውድባትን እዩ። ብዘይካዚ ኣብ መንጎ ክልቲኦም ወገናት ዝነበረ ዓሚቕ ሌላን ፍልጠትን ንባዕሉ፡ ኣብ መንጎ ኽልቲኦም ተዛተይቲ ወገናት ምትእምማን ዝሰፈኖን ውህደት ዘዓሰሎን ህዱእን ንጹር ዕላማታት ንምርግጋጽ ዝዓለመን ዘተ ንኸካይዱ ኣወንታዊ ተራ ምጽዋቱ ውን ክሰሓት ኣይግባእን።

**ሕቶ፡ ክልቲኡ ሸነኻት ኣብ ሓድነት ምምጽኡ፣ ዝህቦ ፍሉይ ኣስተዋጽኦ እንታይ ምዃኑ'ዶ መብራህካልና?**

ብዝሒ ውድባትን ሰልፍታትን ኣብ ደንበ ተቓውሞ፡ ካብ ብዝሒ ፖለቲካዊ ኣረኣእያታትን መስመራትን ዝብገስን፡ ወይ ውን ብንጹር ነቲ ንፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ረብሓታት ዝገልጽ ፖለቲካዊ ራእይን ስነ-ሓሳብን ዝነቐል ኣይኮነን። እንታይ ደኣ፡ ብዝሒ ተቓወምቲ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ካብ ጸቢብን ኣዕናውን ፖሊሲታት ስርዓት ኢሰያስን፡ ካብ ስምዒታዊ ናይ ምብትታን ባህርያትን ውልቃዊ ግርጭታትን ዝዓብለሎ፣ ናይ ሕሉፍ ታሪኽ መረረን ዝናን ዘንቀሎን ምንባሩ እዩ።

ስለዝኾነ ድማ፡ እዚ ዝወሰድናዮ ስጉምቲ፡ ካብዚ ንዝምድናታት ተቓወምቲ ሓይልታት ንነዊሕ እዋን ዝሓንከረ ናይ ምብትታን ተርእዮ ንምውጻእን ኣብ ቅድሚኤና ተገቲሮም ዘለዉ ናይ ሓባር ዕላማታት ንምዕዋትን ተባሂሉ ዝተወሰደ ቀዳማይ ተባዕ ስጉምቲ'ዩ።

ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ሓድሽ ሓይሊ ኣብ ዙርያኡ ምጥርናፉ፡ ንብዙሓዊ ኣቃውማን ምሉእ ሃገራዊ መልክዕን ናይቲ ሰልፊ ዝያዳ ድምቀት ዝውስኽ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፡ ነቲ ሰልፊ ውን "ምምስራት ሰፊሕ ህዝባዊ ሰረት ዘለዎ ሰልፊ" ዝብል መሰረታዊ መርሆኡ ንምዕዋት ሓጋዚ ተራ ዝጻወት ስጉምቲ'ዩ።

ብዘይካ'ዚ ዝተወስደ ስጉምቲ፡ ንሞራል ህዝብና ዘበራብርን፡ ዕግበት ዝሰኩዕን፡ ነቲ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝኸይድ ዘሎ ቃልሲ ሓቀኛ ምዃኑ ዘነጽርን ዘጎልብትን፡ ንምርግጋጽ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ዘተስፉን ሓባሪ ዓወት ውን እዩ።

**ሕቶ፡ ዕዉት ምጽንባር ሰልፊ ህዝብን ምንቅስቓስ ደሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲትን፣ ኣብ መስርሕ ሓድነታዊ ጉዕዞ ንዘሎ ሰልፊ ደሞክራሲን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ቀልጢፉ ንኽዛዘም ዘሕድሮ ጽልዋ እንታይ እዩ ትብል?**

መስርሕ ሓድነት ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝብን ዲሞክራስን ኤርትራ ብጽቡቕ'ዩ ዝስጉም ዘሎ። እዚ ሕጂ ኣብ መንጎ ሰልፍናን ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲትን ዝተኸተመ ናይ ሓድነት ስምምዕ ድማ፡ ብዓቢኡ ኣካል ናይቲ ተዓጢቕናሉ ዘለና ናይ ሓድነት መስርሕ ኮይኑ፡ ዘይቁርመም ኣካል ናይቲ ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ሰልፊ ዲሞክራስን ዝኸይድ ዘሎ ናይ ሓድነት መስርሕ ውን እዩ። ኣብ ርእሲኡ'ውን፡ እዚ ምስ ምንቅስቓስ ዲሞክራስያዊ ተቓውሞ ኤርትራ-ጋሽ ሰቲት ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ ንሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን፡ ናብቲ ዝኣንፈትኦ መደምደምታ ንኽበጽሓ ዝያዳ ዘተባብዕ እዩ። ብተወሳኺ፡ እዚ ዝተወስደ ናይ ሓድነት ስጉምቲ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ፡ ተመሳሳሊ ፖለቲካዊ ዕላማታትን ራእይን ንዘለወን ውድባት፣ ሓድነታዊ ጉዕዞኣን ከቀላጥፋ ዝኽእል ዕድል ክኽፍት ከሎ፣ ነተን ብንጹር ዕላማታት ዝፈላለያን ንጹር ራእይ ዘለወን ውድባት ጸቢብ ውድባዊ ርእይቶታተን ኣወንዚፈን ነቲ ኣብ ቅድሚ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ተገቲሩ ዘሎ ሓደገኛ ሃገራዊ ግድል ንምፍታሕ ተጠርኒፈንን ተቐራሪበንን ንኽሰርሓ ከም ኣርኣያ ክወስደኦ ዝኽእላ መስርሕ ውን እዩ።

**ሕቶ፡ ዲሞክራስያዊ ለውጥታት ንኽይተኣታቶ ብድርቅና ዓጊቱ ዘሎ መንግስቲ ኤርትራ፣ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ብኸመይ ክገጥሞ ከምዝኽእል'ዶ ከተብርሃልና ትኽእል?**

እቲ ነጻ ሃገርን ሓራ ዜጋን ንምህናጽ ዝተበገሰ ዕላማ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ

መደምደምትኡ ከይበጽሐ ተቐጽዩ ምህላዉ ኩሉ ዝሰማማዓሉ ሓቂ'ዩ። ምኽንያቱ እታ ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ዝበሃጋን ዝተጸበያን ነጻ ሃገር፡ ካብ ትጽቢቱ ወጻኢ፡ ናይ ሓደ ጉጅለ ሃገር ኮይና ብምርካባ፡ መብጽዓ ሰማእታትናን ሕልሚ ህዝብናን ግህዶ ክኸውን ኣይከኣለን። ስለዝኾነ ድማ፡ ናይዚ ዘይተመለሰ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ሕቶ'ዚ ናይ ምምላሱ ሓላፍነት ወሲዱ ብዕቱብ ክቃለስ ዝግባእ ድማ፡ እቲ ኣብ ቃልሲ ዝርከብ ደንበ-ተቓውሞ ኤርትራ እዩ። ይኹን እምበር፡ ነዚ መስርሕ'ዚ ኣብ ዝሓለፈ መድረኽ ብቐንዱ ዘምከኖ ምኽንያታት ክንሰግሮ እንተዘይክኢልና፡ ንመስርሕ ዲሞክራስያዊ ለውጢ መሊስና ንድሕሪት ክንንትቶ እምበር፡ ንቅድሚት ክንድርኾ ብምንም-ተኣምር ኣይንኽእልን ኢና። ማለት ኣረጊት ኣገባብ ኣተሓሳስባን መርሆን ሰፊኑ ከሎ ዝግበር ምቅይያራት ናይ ውልቀ-ሰብ፡ ወይ ውን ምቅይያር ናይ ሓደ ፖለቲካዊ ሓሳብ ብኻልእ፤ ንህዝብና ዝቃለሰሉ ዘሎ መሰረታዊ ለውጢ ንምምጻእ ዘዐውት ኣይኮነን። ኣብ ውሽጢ ዙርያ ናይቲ ዘሎ ዲክታቶርያዊ ስርዓት'ውን እንተኾነ፡ ነዚ መስርሕ ከረጋግጸ ብቕዓት የብሉን።

ነዚ ከነረጋግጽ እንተኾይንና ድማ፤ ሓይልታት ተቓውሞ ንናይ ዘለናዮ ዘመን ባህረ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብጉቡእ ክርዳእ የድሊ ፡ መደብ-ዕዮኣን ምስ ሓፈሻዊ ርድኢት ናይ ዘመንና ፖለቲካዊ ሓይሊ ክቓንያን፡ ንኣተሓሳስባኣን ካብ ዝደሓረ ቀይድታትን ኣረዳድኣን ከም ዝናገፍ ክገብራ'ን፡ ንዝካኣል ኣገባባትን ናውትን ተጠቒመን ንህዝቢ ኣብ ዙርያኣን ንምዕሳል ክረባረባን፡ በዚ ኣቢለን ድማ፡ ንህዝቢ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግዲፍ ከለዓዕላን፡ ንናይ ለውጢ ኣድማዒ ዓቕምታቱ ብግቡእ ክጥቀማን ይግባእ። ንሕና ከም ሰልፊ ህዝቢ፤ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ዝግበር ቃልሲ ሰለማዊ ኣገባብ ቃልሲ ምጥቃም ኣድማዕነት ዘለዎ ኣገባብ ቃልሲ ምዃኑ ንኣምን። ሰለማዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ክንብል ከሎና፤ ከምቲ ገለ ወገናት ዘተንፍስዎ ሰለማዊ ሰልፊ ምክያድ ወይ ውን ምስ ስርዓት ህግድፍ ኣብ ዘተ ምእታው ኣይኮነን፡ እንታይ ደኣ፤ ጸላውን ኣድማዕን ኣገባባት ተጠቒምካ ነቲ ኣብ ዘውዲ ስልጣን ተኾዲጩ ዝርከብ ስርዓት ምንጪ ስልጣኑ ንምድኻምን ካብ ህዝቢ ንምንጻሉን ዝዓለመ ወሳንን፡ ንነዊሕ ዝጠመተን ለውጢ ዘበስርን ውሑስ ኣገባብ ቃልሲ እዩ። ብኸምዚ ድማ፡ ነቲ ስርዓት ካብ ናይ ሓይሊ ምንጪታቱ ነጺልካ ስልጣን ናብ ንቡር ቦትኡ ማለት ናብ ህዝብን ትካላትን ከም ዝምለስ ምግባርን ኣሳርን ተኣሳርን ቀታሊን ተቐታሊን ባህሊ ንምልጋስን ናይ እንካን ሃባን መንፈስን ናይ ምረድዳእን ምዝታይን ባህሊ ዝሰፈኖ ሕብረተ-ሰብ ንምህናጽ ዝዓለመ ኢዩ።

**ሕቶ፡ ኤርትራውያን ንሂወቶም ድሕነትን ዑቕባን ንምርካብ ዶብ ሱዳንን ኢትዮጵያን እናሰገሩ ብብዝሒ ይኣትዉ ኣለዉ፡ እዚ መወዳእታ ዘይብሉ ቅልውላው ፍታሕ ተረኺቡ ዘኽትመሉ ይርኣየካ'ዶ?**

ውህሉል ተመኩሮታት ታሪኽ ከም ዝምስክሮ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ከያዳይ እምበር፡ ኣብ ስልጣን ንዝልኣለም ተኾዲጩ ዝነብር ስርዓት ኣይኮነን። ኣብዘን ዝሓለፋ 18 ዓመታት፡ ማለት ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ውህሉል ተመኩሮ ህዝቢ ኤርትራ ዝመስክሮ ኣብ ሃገራዊ መንነቱ ጽኑዕ ምዃኑ ኢዩ።ምኽንያቱ ሃገራዊ መንነት ንኹሉ ሕብረተ -ሰብ ኤርትራ ምስ ዝተፈላለየ ፖለቲካውን ስነሓሳባዉን ማሕበራውን ባህላውን ሓይልታቱ፤ ናይ ሓቅታቱ ሓቂ ስለዝኾነትን ንኤርትራዊ ባዕላዊ ሓድነት ንምርግጋጽ እምነ-መሰረት ንምፍጣር ዘኽእሎ መሰረታዊ ዓንዲ ስለዝኾነን እዩ። ሎሚ እንርከበሉ ዘለና መዋእል፡ እቶም መወዳእታ ጥበብን ፍልጠትን፡ ፍትሕን ንጽህናን ንሕና ኢና፤ ብዘይካና ካልእ ቅኑዕ ኣማራጺ የለን እናበሉ ዝግዕሩ ዝነበሩ፤ ህዝቢ ድማ ዝረኣይዎ ክርእን ዝኣመንዎ እምነት ክኽተልን፤ ክምእዘዞምን ጥራይ ዝእዝዝዎ ዝነበሩ ዲክታቶራውያን ስርዓታት ዝሃሙሉ ዘለዉ መዋእል እዩ። እዚ በቲ ሓደ ሸነኽ ክኸውን እንከሎ፡ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ እንርከበሉ ዘለና መዋእል፡ ናይ ካልኣት ርእይቶ ምኽባር፡ መሰል ወዲ-ሰብ ምሕላውን፡ ብዙሕነት ሰልፍታትን ቅዱስ ውድድርን ኣብ መንጎ ሰልፍታት ምፍቃድ፡ መሰል ነጻ ርእይቶ፡ እምነት ምቅዋምን ምውዳብን..ወዘተ...ምውሓስን ዝልለ መዋእል ኮይኑ፡ ከም ጭቡጥ መርኣያ ናይዚ ድማ ቁጽሪ ዲሞክራስያውያንን ቅዋማዊ ስርዓታትን፡ እናዓበየ ምምጽኡ'ዩ። ፍትውቲ ሃገርና ኤርትራ ውን፡ ኣብዚ ናይ መዋእልና ማዕበል ከይተጸንበረት ኣይክትተርፍን እያ። እዚ ድማ፡ ይንዋሕ ይሕጸር፡ ግህዶ ከምዝኸውን ኣይጠራጠርን። ይኹን እምበር፡ እቲ ምኻዱ ዘይተርፎ ስርዓት ምስ ከደ፡ ድሕሪኡ ከቢድ ጸርን ሽግርን ክገድፍ ምዃኑ ዘየካትዕ ኣምር ኮይኑ፡ በዚ ሽግራት'ዚ ከይንልከፍ (immune) ሃገራዊ ሓድነትና ዓቂብና ማሕበረ-ሰብኣዊ ቀጻልነትናን ከነረጋግጽን እንተደኣ ደሊና፡ ፖለቲካዊ፤ ባህላውን ማሕበራውን ጥምረትና ከነደልድል ይግባእ።

# ዜናዊ ጸብጻብ

## ንጥፈታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

### 1. ካልኣይ ስሩዕ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

ካብ ዕለት 5-6 ነሓሰ 2009 እተኻየደ ካልኣይ ምዱብ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዓወት ተዛዚሙ። ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት፡ ነቲ ብኣቦ መንበርን ሓለፍቲ ክፍልታትን ትካላትን ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ዝቐረበሉ ኩሉ መዳያዊ ጸብጻባት ሰሚዑን ገምጊሙን።

ኣኼባ፡ ሃገርናን ህዝብናን ዘሕልፍዎ ዘለዉ ኣሰቃቒ መነባብሮ፡ ብዕቱብነት ተመልኪቱን ነዚ ስቅያት'ዚ ንምቅላል ክውሰዱ ዘለዎም ስጉምታት ዳህሲሱን። ንመስርሕ ሓድነት ብዝምልከት፡ ነቲ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝብን ካልኦት ሰልፍታትን ውድባትን ክካየድ ዝጸንሐን ዘሎን ናይ ሓድነት ልዝባት፡ ስምምዓትን ናይ ሓድነት ስርሓትን ኣመጉሱ። ነዚ መስርሕ'ዚ ዕዉት ንምግባሩ ክሰላሰሉ ዘለዎም መደባት ድማ ተሊሙ።

ኣብ መደምደምታ፡ ክሳብ ዝመጽእ ዘሎ ወርሒ ታሕሳስ 2009 ክካየድ ዘለዎ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ሓንጺጹ።

### 2. መስራቲ ጉባኤ ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ጨንፈር ኤውሮጳ ኣብ ፍራንክፉርት ሃገረ ጀርመን ተጋቢኡ

ምትእስሳር መንእሰያት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ጨንፈር ኤውሮጳ መስራቲ ጉባኤኡ ኣብ ከተማ ፍራንክፉርት ሃገረ ጀርመን ብ7 ነሓሰ 2009 ኣካዪዱ። ተኻፈልቲ ጉባኤ ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ኤውሮጳ ዝመጹ መንእሰያት እዮም ነይሮም። ጉባኤ ንንድፊ ቅዋምን መደባትን ምትእስሳር መንእሰያት ብዕምቆት ተኻቲዑ ድሕሪ ምጽዳቁ፡ መሪሕነት ምትእስሳር መንእሰያት ጨንፈር ኤውሮጳ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ።

እቲ ብ25-30 ሓምለ 2008 እተጋብኤ መስራቲ ቀዳማይን ጉባኤ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ንተራ መንእሰያት ንምሕያልን ንግቡእ ግዲኦም ክጻወቱ ባይታ ንምፍጣርን፡ ከምኡ'ውን መንእሰያት ኣብ መጻኢት ኤርትራ ልሉይ ተራ ክህልዎምን፡ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ ናይ ለውጥን ዲሞክራስን ቃልሲ ክህልዎም ንዘሎዎ ተሳትፎ ንምዕዛዝ ኣትኩሮ ከም ዝሃበሉን ነቲ ዕላማታት ኣብ ፓለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን ሰልፊ ከም ዘስፈሮን ዝዝከር እዩ። ምትእስሳር መንእሰያት ኣካል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ፡ ንመንእሰያት ኣባላት ሰልፊ፡ ዝጥርንፍ ምትእስሳር እዩ።

### 3. ሰሚናር ጨንፈር ርያድ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ

ኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ጨንፈር ርያድ ብዓርቢ ዕለት 07/08/2009 ዕዉት ሰሚናር ኣካይዶም። ኣብቲ ልዕሊ 7ተ ሰዓታት ዝወሰደ ሰፊሕ ሰሚናር ናይ ሕሉፍን መጻእን መደባት ጨንፈር ብሰፊሑ ዘትየሙሉ።

እቲ ካብ ሰዓት 2ተ ድሕሪ ቀትሪ ዝጀመረ ሰሚናር ብቐዳምነት ብኣሳናዳኢት ሽማግለ ዝቐረበ ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም ዝብል ቃልን መደባት ሰሚናር ሓደ ብሓደ ተገሊጹ ካብኡ ቀጺሉ ወኪል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ንሕሉፍ መስተንክራዊ ተሞክሮ ሰልፊ ህዝብን ቀጻሊ መደባት ሰልፊ ህዝቢ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቡ ብተወሳኺ እቲ ብጨንፈር ጅዳ ንሰሚናርና ብዝምልከት ዝተላኣከ ኣገዳሲ ናይ መተባብዒ መልእኽቲ ተነቢቡ ካብኡ ቀጺሉ ኣቦመንበር ጨንፈር ርያድ ንውሽጣዊ መደባት ጨንፈር ዝምልከት ኣገዳሲ መብርህን ሓበሬታን ድሕሪ ምሃቡ እቲ ክትዕ ኣብ ኣባላት ተገዲፉ።

ቀንዲ መካትዒ ዝነበሩ ዛዕባታት፡
1- ውሽጣዊ ድኽመታት ጨንፈርን መፍትሒኡን.
2- ስርርዓዊ መደባትና እንታይ ይመስል.
3- ቁጠባዊ ትሕዝቶና ብኸመይ ይምዕብል.
4- ሓድነታዊ ጉዕዞ ምስ ሰልፊ ዲሞክራስን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን.

ድሕሪ ነዊሕ ክትዕን ምርድዳእን ሰሚናር ብዕግበት ኣብ ናይ ሓባር ምርድዳእ በጺሑ። ቀጺሉ ነቲ ምስ ምንቅስቓስ ጋሽን ሰቲትን ዝተበጽሐ ታሪኻዊ ሓድነታዊ መደብ ኣሞጉሶም። ነቲ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ዝኸይድ ዘሎ ታሪኻዊ ሓድነታዊ ጉዕዞ ድማ እቲ እንኮ መፍትሒ ሽግር ህዝብናን ሃገርናን ሓድነት ምዃኑ ብምእማን ነቲ ኣብ ወርሒ ታሕሳስ ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሓድነታዊ ጉባኤ ሙሉእ ደገፎም ገሊጾም። ከምኡውን ነተን ተመሳሳሊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ዘለውን ውድባት ይኹና ሰልፍታት ነዚ ኣብነት ተኸቲሎም እዋናዊ መደባቶም ብጽፈት ክሰርዑ ጸዋዒት ኣቕሪቦም።

ኣብ መደምደምታ ኣባላት ሰሚናር ነዚን ዝስዕባ ለበዋታት ናብ መሪሕነት ጨንፈር ኣቕሪቦ፡

ቅድሚ ሓድነታዊ ጉባኤ ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ጉባኤ ጨንፈር ክግበር።
ኣባላት ናይዞም ኣብ ሓድነታዊ ጉባኤ ዝኣትዉ ዘለዉ ሰልፍታት ምስ ኣብ ዞናና ዝርከቡ ኣባላት ናይዘን ሰልፍታት ዝምድናታት ከምዝግበር።
ቁጠባና ዝሰፍሓሉ ሸነኽ ብደረጃ ፍልይቲ ሽማግለ ተጸኒዑ መደብ ክግበረሉ።
እቲ ብሰልፊ ህዝቢ ዝረቐቐ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ቅዋምን ኣብ ህዝቢ ከም ዝበጽሕ ምግባር ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ለበዋታት ድሕሪ ምቕራቡ ሰሚና ብዓወት ተዛዚሙ።

## ንጥፈታት ሓባራዊ ዜናዊ መሪሕነት

### 1. ራብዓይ ምዱብ ኣኼባ ሓባራዊ ሽማግለ ሰ..ህ.ኤን ሰ.ዲ.ኤን ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ ሰ..ዲ.ኤን ሰ.ህ.ኤን

ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን፡ ብዕለት 31.07.2009ን፣ ከምኡ ውን፡ ብዕለት 03.08.2009 4ይ ምዱብ ኣኼባኡ ኣካይዱ።

ኣኼባ ሓባራዊ መሪሕነት፡ ብዛዕባ ሓባራዊ ናይ ረድዮ ፌነወ ንምጅማር ክግበር ዘለዎ ምድላዋት ዳህሲሱ። ከምኡ ውን፡ እቲ ካብ 7-9 ነሓሰ 2009 ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ሓባራዊ ፌስቲቫል ብዝምልከት ክሳዕ ሕጂ ተገይሩ ዘሎ ምድላዋት እንታይ ምዃኑ ዝሕብር ጸብጻብ ሰሚዑ። ኣስዒቡ፡ ሓባራዊ ናይ መጽናዕቲ ሽማግለ ቈይማ፡ ስርሓታ ብህጹጽ ክትጅመር ወሲኑ።

ብዛዕባ'ቲ ቅድሚ ጉባኤ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞናታት ክካየድ ተመዲቡ ዘሎ ናይ ኣባላት ኮንፈረንሳት ውን፡ መኣስን ኣበይን እንታይ ዛዕባታት ይቐርብ ዝብሉ ሕቶታት ኣልዒሉ ተመያይጡ።

ኣብ መንጎ መሰረታት ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ሰልፊ ህዝብን ሰልፊ ዲሞክራስን ዝካየድ ዘሎ ልዝባት ንምግምጋም፡ ሓባራዊ መሪሕነት ኣብ ወርሒ ነሓሰ ኣኼባ ክካይድ ወሲኑ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ቲ ቀሪቡ ዘሎ ንድፊ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮን ቅዋምን ጌና ዘይተማልኡ፡ ከም ናይ ኣርማን ካልኦት ጉዳያትን ከምዘለዉ ርእዩ። ኣብ ዝመጽእ፡ ኣኼባ ሓባራዊ መሪሕነታዊ ሽማግለ ድማ፡ ናይ ክልቲኡ ሰልፍታት ኩሉ ሸነኻዊ ጸብጻብ ክቐርብ ከምዘለዎ ወሲኑ።

### 2. ሓኣሕባራዊ መግለጺ ኤህምን ሰህኤን ሰዲኤን ጨንፈር ሳንድያጎ

ብዕለት 29 ሓምለ 2009 ኣባላት ንኡስ ጨንፈር ሳንድያጎ ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቕስቓስ፣ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ነቲ ብዕለት 9ተ ሓምለ ዝተበጽሓ ናብ ፍጹም ሓድነት ዘብጽሕ፣ ብመሪሕነት ሰለስተ ሰልፊታት/ውድባት ዝተላእከ ሰነድ፣ ብዕምቖት ንምርኣይ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ነቲ ዝተበጽሓ ሰነድ ብዕምቖትን ዝርዝርን ድሕሪ ምክታዕ ከኣ፡ ናይ ሐባር ገምጋም ኣቕሚጡ። ናብ'ዚ ሓባራዊ ሰነድ'ዚ ንምብጻሕ ዝተወስደ ጻዕርታት መሪሕነት ቀሊል ከምዘይኮነ ብምግንዛብ፣ ነቲ ዝተበጽሐ ሓድነታዊ ሰነድ ብምሉእ ድምጺ ስምምዕ ብሓጎስ ተቐቢልዎ። ነዚ ሰነድ'ዚ ብሓጎስ ተቐቢልዎ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ መስርሕ ፍጹም ሓድነት ሰለስተ ውድባት ንኸቀላጥፍ ኩሉ ዝከAሎን ካብኡ ዝጥለብን ክገብር ምዃኑ ኣብ'ቲ ዝገበሮ ኣኼባ መብጽዓ ኣትዩ። እቲ መስርሕ ፍጹም ሓድነት ብሕጋዊ ኣገባቡ ድሕሪ ጉባኤ ናይ ሰለስተ ውድባት እኳ ዝረጋገጽ እንተኾነ፣ ካብ'ዚ መዓልቲ'ዚ Aትሒዙ ከም ሐደ ኣካልን Aምሳልን ኮይኑ ክሰርሕ ምዃኑ እውን

ኣስሚርሉ። እዚ ሰለስተ ውድባት/ሰልፊታት በጺሕዎ ዘሎ ስምምዕ ንህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዝህብ፣ ንናይ ለውጢ ሓይልታት ጠሚሩ ከቃልስ ዝኽእልን ባይታ ፈጢሩ ምህላዉ እውን ርእዩ። ኣብ'ዚ A'ኼባ'ዚ ዝተሳተፈ ኩሉ ኣባል ኣብ'ቲ ሓድነት ዕጉብን ሕጉስን ጥራሕ ዘይኮነስ" እኳ ድኣ Aመና ደንገዮምና ዝብል ገምጋም እዩ ሂቡ።

ኣኼባኛ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ዕድመ መላኺ ስርዓት ክሐጽር ሰላምን ራህዋን ዝሰፈና ኤርትራ ከኣ፡ ኣብ ዑናኡ መታን ክንሃንጽ፣ Aብቲ ዝካየድ ሓደነታዊ መስርሕ ሰፊሕ ህዝብና ድጋፉን ሐገዙን ከበርክት ጸዊዑ።

ሓድነት ዲሞክራሲያዊ ሓይልታት እንኮ ፍታሕ ንቅዋማዊ መንግስቲ እዩ!!
መላኺ ስርዓት ክዓኑ እዩ!!
ዝኽሪ ንሰማእታት ኤርትራ
ፍትሕን ቅዋማዊ መንግስትን ነቲ ኣላሽ ዘይብል ህዝቢ ኤርትራ

ኣቦ ወንበር ኤርትራዊ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ንኡስ ጨንፈር ሳንድያጎ
በርሀ መንግስ

ወኪል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን
ፍስሃየ ዑ/ገርጊሽ
29 ሓምለ 2009

## ኤርትራ

### 1. ክሊንተን ኣንጻር፡'ቲ ኤርትራ፡ ንሶማልያውያን ሚሊሻ እትገብሮ ደገፍ መጠንቀቕታ ሂባ

ኤርትራ፡ ንተቓወምቲ ሓይልታት ሶማል እትህቦ ዘላ ደገፍ ደው እንተዘየቢላ፡ ኣመሪካ ስጉምቲ ክትወስድ ምዃና፡ ናይ ወጻኢ ጒዳያት ኣመሪካ ሰክረታሪ፡ ወይዘሮ ክሊንተን ኣጠንቂቓ። ኣስዒባ፡ እዞም ተቓወምቲ ሓይልታት እዚኣቶም፡ ኣብ'ታ ብድኽነት ተዳኺማ ዘላ ሶማል ስልጣን ድሕሪ ምጭባጥ፡ ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ሰሊኾም ብምእታው ኣብ ቀረባን ርሑቕን ዝርከባ ሃገራት ንምጥቃዕ'ዩ ዕላማኦም ኢላ፡ ክብል ሮይተርስ እተባህለ ናይ ዜና ማዕከን ሓቢሩ።

### 2. ሚኒስተር ጥዕና ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንዝጸውዖ ኣኼባ ረጊጹ ወጺኡ

ሚኒስተር ጥዕና ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣቶ ሳልሕ መኪ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት ዕለት 09.08.2009 ኣብ ዋሺንግተን ዲሲ ኣብ ዘካየዶ ኣኼባ፡ ብርቱዕ መኸተ ስለዘጋጠሞ፡ ምጽዋሩ ስኢኑ ኣኼባ ረጊጹ ወጺኡ።

ሚኒስተር ሳልሕ፡ ከም'ቲ ልሙድ መግለጺኡ ድሕሪ ምቕራብ፡ ካብ መራሕ መድረኽ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ቅልውላዋትን ዋሕዚ ናይ መንእሰያት ንስደትን እንታይ ምዃኑ ክብርህ ሓቲትዎ።

ኣኼበኛታት ከኣ ኣከታቲሎም፡ ብዛዕባ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርከቡ ጸጋታት፡ ስእነት-ስራሕ ኣብ ኤርትራ፡ ቅዋም ኣብ ግብሪ ዘይወዓለሉ ምኽንያት፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ትሑት ደረጃ ወይ ዓይነት ትምህርቲ፡ ምዕጻው ዩንቨርሲቲ ኣስመራ፡ ዓቕመ ኣዳም ዘይበጽሑ መንእሰያት ሃገራዊ ኣገልግሎት ክገብሩ ምግዳድን ካልኦት ሕቶታትን ኣቕሪቦሉ።

ኣቶ ሳልሕ መኪ፡ ከም'ዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሕቶታት ክቐርቡሉ ከምዘይተጸበየ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኤርትራ ኣብ ናይ ዂናት ሃለዋት'ያ ዘላ። ስለዝኾነ ከኣ፡ ክሳብ'ዚ ሓደጋታት'ዚ ዘልግስ፡ ብዛዕባ ቅዋም ምዝራብ እዋኑ ኣይኮነን። ክሳብ ውድቀት ስርዓት ወያነ፡ ንሕና ካብ ስልጣን ኣይንወርድን ኢና፣ ነቲ ናይ 1997 ቅዋም ድማ ኣይንትግብሮን ኢና ኢሉ። ግን ከኣ፡ ኤርትራ በቲ ናይ ህግሓኤ ቅዋም ትምራሕ ስለዘላ፡ ቅዋም የብላን ኢልካ ምዝራብ ቅኑዕ ኣይኮነን ኢሉ መሊሱ። ብድሕር'ዚ፡ ኣኼበኛታት፡ ሕቶታት ክቐርቡ ኣእዳዎም ኣልዒሎም እንከለዉ፡ ኣቶ ሳልሕ መኪ፡ ብሃንደበት ብድድ ኢሉ ካብ ኣኼባ ወጺኡ።

በዚ፡ እቲ ኣኼባ፡ ቅድሚ'ቲ ተመዲቡሉ ዝነበረ ሰዓት ተወዲኡ። እቲ ክዝረበሉ ተዳልዩ ዝነበረ « ግደ ኤርትራውያን ኣብ ፖለቲካውን ኮማውን ጒዳያት » ዝብል ኣጀንዳ ከይተዘርበሉ ኣኼባ ብፍሽለት ተዛዚሙ።

### 3. 176 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም

ካብ 10-22 ነሓሰ 2009 176 ኤርትራውያን ስደተኛትት ብዝተፈላለዩ ወገናት ናብ ኢትዮጵያ ኣትዮም። ካብኦም፡ እቶም 74 ወተሃደራት ክኾኑ እንከለዉ፡ ዝተረፈኡ 102 ድማ፡ ሲቪላውያን ኰይኖም፡ ኣብ መንጎኦም 20 ህጻናት ይርከብዎም።

እዚ ከምዚሉ እንከሎ ብ22 ሓምለ 2009 ሓደ ወዲ ተባዕታይ ሓንቲ ጓል ኣንስተይትን ኤርትራውያን መንእሰያት ናብ ኢትዮጵያ ክሰግሩ እንከለዉ ብውሕጅ ተከዘ ተወሲዶም ሬሳኦም ኣብ ርሑቕ ቦታ ከም ዝተረኽበ ተፈሊጡ ኣሎ።

### 4. 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ዳንፉዳ ዝተባህለ ቤትማእሰርቲ ሊብያ ኣብ ሕማቕ ኩነታት ከምዝርከቡ ተፈሊጡ

ኣስታት 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ከተማ በንቃዚ ሊብያ፡ ዳንፉዳ ኣብ ዝተባህለ ቤት -ማእሰርቲ ተዳጒኖም ኣብ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኩነታት ከምዘለዉ፡ ምንጭታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ቦታ ሓቢሮም። እዞም ኣብዚ ዝተጠቕሰ ቤት-ማእሰርቲ ተዳጒኖም ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ንምድረበዳ ሰሃራ ሰንጢቆም ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ሊብያ ክኣትዉ እንከለዉ ኣብ ከተማታት ኩፍራን በንቃዝን ዝተታሕዙ ኮይኖም፡ ካብ ኣርባዕተ ወርሒ ክሳብ ሓደ ዓመትን ፈረቓን ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ዝጸንሑ ከምዝርከብዎም ምንጭታትና ወሲኾም ገሊጾም። ብዘይካ፡ ገለ ካብቶም ካብቲ ቤት-ማእሰርቲ ከምልጡ ዕድል ዝረኸቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ከምዝገለጽዎ፡ ኣተሓሕዛ እሱራት ኣብቲ ቤት-ማእሰርቲ ኣዝዩ ሕማቕ ምዃኑን፡ ምስቶም ፖሊስ ናይቲ መዳጎኒ ማእከል ብምምሻጥ ከምልጥ ዝፍትን ሰብ ድማ፡ ክሳብ 1000 ዶላር ክኸፍል ከምዝግደድ፡ ክፍለጥ ተኻኢሉ’ሎ።

ብመሰረት ናይቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ካብቶም ኣብዚ ቦታ ተዳጒኖም ዝርከቡ 200 ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ 52 ደቂ-ኣንስትዮ ኮይነን፡ 3 ነብሰ-ጾራት፡ 8 ህጻናትን፡ 4 ስንኩላንን 10 ድማ፡ ብከቢድ ሕማም ዝተጠቕዑ ከምዝርከብዎም ተሓቢሩ። እዞም ብዘይዝኾነ ፍርዲ ኣብ ማሕዩር ክበልዩ ተገዲዶም ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ ዝሕለፍዎ መልእኽቲ፡ ንኹሎም በቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብፍላይ ድማ፡ ኣብ መንእሰይ ኤርትራ ወሪዱ ዝርከብ ሓደጋ ዝሰግኡ ወገናት፡ ካብዚ ዘለውዎ መከራን ስቓይን ንምድሓን ኣውያቶም ክገልጹሎም ጸዊዖም።

ኣብ ተመሳሳሊ ዜና፡ ኣብ ኢስራኤል ዝርከቡ ኤርትራውያን ዝርከብዎም ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ካብ ከተማ ተላቪቭ ወጺኦም ናብ ነኣሽቱ ከተማታት፡ ሻሎም፡ ባርሼባ፡ ቤተልሄምን ወደባዊት ከተማ ኤላትን ክኸዱ ክግደዱ ምጽንሖም ዝፍለጥ ኮይኑ፤ ነዚ ንምርግጋጽ ድማ፡ ሰበ-ስልጣን ኢስራኤል ኣብ ከተማ ተላቪቭ ግፋ ከካይዱ ጸኒሖም ኢዮም። ምንጭታት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ካብቲ ቦታ ከምዝሓበርዎ፡ እቶም ኣብ ከተማ ተላቪቭ ንስደተኛታት ዘሰርሑ ሃብታማት እስራኤላውያን፡ ነዚ ስደተኛታት ካብ ከተማ ተላቪቭ ወጻኢ ክሰርሑን ክቕመጡን ኣለዎም ዝብል ፖሊሲ መንግስቲ እስራኤል ብምምዝማዝ፡ ንብዙሓት ስደተኛታት ደሞዞም ምኽፋል ይኣብይዎም ምህላዎም ምንጭታትና ካብቲ ቦታ ሓቢሮም።

### 5. ካብ 29 ሓምለ ክሳብ 20 ነሓሰ 2009 ዓ.ም 928 ኤርትራውያን ናብ መደበር ስደተኛታት ሽገራብ ኣትዮም

ካብ 29 ሓምለ 2009 ክሳብ 20 ነሓሰ 2009 ዓ.ም.ፈ 928 ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ መደበር ስደተኛታት ሽገራብ ኣትዮም። ዝርዝር ናይ’ቶም ኣብ ሽገራብ ዝኣተዉ 928 ስደተኛታት ድማ ከም’ዚ ዝስዕብ ኢዩ።

| | ትሕቲ 5 ዓመት | ካብ 5-18 ዓመት | ልዕሊ 18 ዓመት | ድምር |
|---|---|---|---|---|
| ደቂ ኣንስትዮ | 28 | 59 | 147 | 234 |
| ደቂ ተባዕትዮ | 39 | 94 | 561 | 694 |
| ጠቕላላ ድምር | 67 | 153 | 708 | 928 |

ድሕሪ ሓድሽ ዓመት 2009 ክሳብ 20.08.2009 ኣብ መደበር ስደተኛታት ሽገራብ ዑቕባ ዝሓተቱ ብዝሒ ኤርትራውያን 13,773 በጺሑ ኣሎ።


ንምምስራት ንቃለስ!